# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.136 ዓርቢ 6 ለካቲት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ጾብ ራፋሕ ዳግማይ ምኽፋቱ. . .



ገጽ 4
ምጽባብ ሻምብቆ ኣርተሪ



ገጽ 5

ወራርቀይሕ ኮኾብን ታኼላቀይሕ መስመርን

ገጽ 8
ሓመድ ናይ ቀረባ ዘመድ



ገጽ 11
ፊፋ፡ ንኣሰልጠንቲ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ




## ሚኒስትሪ ዜና፡ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካዪዱ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ዓመታዊ ገምጋም ንጥፈታት ስራሕ 2025 ብምኽያድ፡ ኣብ ውጥን ስራሕ 2026 ዝዘተየ ኣኼባ ትማሊ 5 ለካቲት ኣብ ኣዳራሽ ሃገር-ሚድያ ኣካዪዱ።

ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ ኣብ 2025 ዝተሰላሰለ መደባት፡ ዝነበሩ ብድሆታትን ድኻማትን፡ ከምኡ'ውን ውጥን ስራሕ 2026 ዘጠቓልል፣ ብኣሃዛት ዝተሰነየ ዝርዝራዊ ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ መቐጸልታን መዛዘምን ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ብደረጃ ክፍልታትን ጨናፍርን ማለት ክፍሊ ቴለቪዥን፡ ክፍሊ ሬድዮ፡ ክፍሊ ምህንድስና፡ ክፍሊ ጋዜጣ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ወጻኢ፡ ጨንፈር ኣገልግሎት ዜና፡ ጨንፈር ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን ዝተኻየደ ገምጋማት ዝኸውን ኣኼባ ሚኒስተር የማነ 90 ሚእታዊት ናይ ዝነበረ ውጥን ከም ዝተተግበረ ብምግላጽ፡ ሽፋን ዘቤታዊ ጉዳያት፣ ኮነታት ዞባናን ዓለምን፣ ንጥፈታት ማሕበራዊ መራኸቢታት፣ ሽፋን ሃገራውያንን ሃይማኖታውያንን በዓላት፣ ፈስቲቫላት ወሸጢ ሃገርን ወጻኢን፣ መደባት ህዝባዊ



መኸተ፣ ምቕያር መሳርሒታት ቀዋምን ተንቀሳቓስን ስቱድዮታት ካብ 'ኤስ-ዲ' ማለት ካብ ማእከላይ ንጹረ ናብ 'ኤች-ዲ' ማለት ልዑል ንጹረ፣ ወቕታዊ ክለሳ መቈጻጸሪ ኣፍራይነት ኣባላትን መደባትን፣ ከምኡ'ውን ምድላው ሰነዳት ካብ'ቲ ዝተሰላሰለ መደባት ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ዝተወጠኑ ስልጠናታት ብምልኣት ዘይምትግባሮም፣ ፈነወ ምሉእ ብምሉእ ናብ 'ኤች-ዲ' ዘይምስግጋሩ፣ ወቕታውን ገምጋማውን ዜናዊ ሽፋን ዘይምኽያዱ፣ ዋሕዲ ዓቕሚ-ሰብ ኣብቲ ብሃገራዊ



ሳኣሊ ሄኖክ ተክለገርግሽ

ቋንቋታትና ዝፍኖ መደባት ምህላው፣ ከምኡ'ውን ጂኦግራፍያዊ ድሩትነት ዝርግሐ መስመራት ሬድዮ 'ኤፍ-ኤም'፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ብድሆታትን ድኻማትን ምዃኖም ድማ ኣብሪሁ።

ንውጥን ስራሕ 2026 ብዝምልከት፡ ሚኒስተር የማነ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ቲ ካብ 2026 ክሳብ 2030 ዝዝርጋሕ ስትራተጂያዊ ውጥን 5 ዓመት ምዃኑ ብምግላጽ፡ ትሕዝቶ ብዓይነትን ብዝሕን ምብርኻት፣ ብዓመታዊ ውጥን ዝምራሕ ወፍርታት ምኽያድ፣ ምሕያል ፈነወታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት፣ ምኽያድ ወቕታዊ ዳግመ-ክለሳ መደባት፣ ምጅማር ቀዳማይ ገጽ ምስፋሕ ፈነወ 'ኤፍ-ኤም' ኣብ ከተማታት መንደፈራ፡ ደቀምሓረ፡ ዓዲቀይሕን ሰንዓፈን፣ ከምኡ'ውን ታሪኽ ኤርትራ ንምዝንታው ዝተሰርሑ ዘለዉ ጽሑፋት ዘመትታት ግቡእ መልሲ ዝሃበ ሰሩዕ ሰነዳዊ መደባት ብዝለዓለ ግፍዕታት ጸሊኡ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩለን ማዕከናት ዜና ምድላውን ምዝርጋሕን ከምዝጠቓልል ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ፡ ንማእከላይ በትጽሕፈትን ዞባታትን ንምርኻብ ዝተዋደደ መርበብ ክሕየል፣ ከምኡ'ውን ንዕማማት ዜና ዘገድሱ ወሰንቲ መሳለጥያታት ከም ቀዳምነታቶም ክቕረቡ ዝብሉ ንትግበረ ናይ'ቲ ውጥን ዝሕግዙ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ ሃገራዊ መደባት ዘትዮም

ኤርትራውያን ነበርቲ ሪያድን ከባቢኣን - ስዑድያ፡ ሽቱትጋርትን ሸፕርታልን - ጀርመን፡ ኣ'ደውሓ ቐጠር፡ ከምኡ'ውን ሮተርዳም - ሆላንድ፡ ኣብርክቶኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ንምዕዛዝ ዝዓለመ ርክባት ኣቃኒዖም።

ብመሰረት ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄርን ኣማኻሪ ኤምባሲ ኣቶ ወልደሰላሴ ገብረመድህንን፡ ንተቐማጦ ሪያድን ከባቢኣን ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት ሰሚናር ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ብ30 ጥሪ ዝተዋህበ ሰሚናር፡ ምስጢር ጽንዓት ሓድነትን ሓያል መኸተን ህዝቢ ኤርትራ፥ ረቂቕ ክብርታቱ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ኣቲናዮ ዘሎና መድረኽ'ውን ነዚ ክብረታት'ዚ ብምዕጣቕን ብምጕስጓስን ዓወታት ይምዝገብ ከምዘሎ ገሊጾም።

"ምስጣም መሳርዕ ልዑል ኣቓልቦ ክወሃቦ ይግባእ" ብምባል ድማ፡ ዜጋታት ውዳበታቶም ኣሐይሎም፡ ዝወጠነ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ብወሀደት ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሃገር እትሓቶ ንምብርኻት ድሉዋት ምዃኖም ቃሎም ኣሐዲሶም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ31 ጥሪ ኣብ ጀርመን - ከተማ ሽቱትጋርት ኣብ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብርኣብ ተኸስተን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይለን፡ ኣብ ዞባዊ ምዕባለታት፡ ኣገዳስነት ምሕያል ውዳበታትን ቈንስላዊ ኣገልግሎትን ዘተኮረ መብርሂ ሂቦም።

ኣብ'ቲ ብሃገራዊ ሸማግለ ዝተወደበ ሰሚናር፡ ሓያል ውዳበ ሓያል መሪሕነት ስለዝፈጥር፡ ድልዱል ውዳበን ንቕሓትን ምህናጽ ይጽንሓለይ ዘድልየ ዕማም ከምዝኾነ፡ ስለጥንት ቈንስላዊ ኣገልግሎት ድማ ገጢ-ገጥ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣነጺሮም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ኣብ ከተማ ሸፕርታል፡ ብማሕበር ኤርትራውያን ሞያውያን ጥዕና ኣብ ጀርመን ዝተወደበ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ ኣ'ደውሓ - ቐጠር ድማ፡ ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም ብ1 ለካቲት ንኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከም ዜጋታት ኣብ ሓደ መኣዲ ተኣኪብኩም ኣብ ጉዳያት ሃገር እዚን-ምዚን ምባል ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከምዝሰርሓሉ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ዝተተግበረ መደባት፡ ዝነበረ ብድሆታት፡ ከምኡ'ውን ንመጻኢ ዝተወጠነ መደባት ብሰፊሑ ተዘራሪቦሙ።



ብኻልእ ወገን፡ ኣካየድቲ ሃማደኤ ጨንፈር ኤውሮጳ፡ ብ31 ጥሪ ኣብ ከተማ ሮተርዳም ንኣባላት ሃማደኤ ጨንፈር ሆላንድ ስልጠና ኣካዪደን።

እቲ ብኣዲ-መንበር ጨንፈር ዞባ ኤውሮጳ ወ/ሮ ንግስቲ ጸጋይን ሓላፊት ሕስያስን ሓበሬታን ወ/ሮ ከድጃ ኣሕመድን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ቅዋም ማሕበር፡ ኣገዳስነት ምብራኽ ንቕሓት ኣባላት፡ ኣፈታትሓ ግርጭት፡ ኣገዳስነት ምሕያል ንቕሓትን ውዳበን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ግቡኣትን መሰላትን ኣባላት ዘተኮረ ነይሩ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት ቤነሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ስልጠና ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ ቀጻልነቱ ክውሓስ ኣዘኻኺሩ።



ዜና

# ዓዲ ኳላ - መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ዓዲ ኳላ፡ ብምውህሃድ ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሃማመተኤን፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር ክሰልጥኑ ዝጸንሑ መንእሰያት ተመረቑ።

እቲ ስልጠና ብዞባርን ክልሱ-ሓሳብን ዝተሰነየ ምንባሩ ዝጠቐሰ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ጀማል ኑር፡ እቲ ዕላማ - ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ክብ ብምባል ኣበርክቶኦም ኣብ ሕብረተሰብ ንምዕዛዝ ከም ዝኾነ ገለጸ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ ኳላ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ብወገኑ፡ እዚ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ስልጠና፡ ዓቕሞም ናይ ምኽባር ክእለቶም ዘደንፍዕ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንዝቐሰሞዎ ትምህርቲ ብዞባራዊ ዕዮ ብምምዕባል ኣብ መዛኑኦም እወንታዊ ጽልዋ ክፈጥሩ ትጽቢት ከም ዘለዎም ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃማመተኤ ብመሰረት ስትራተጂካዊ ውጥን ሓሙሽተ ዓመት፡ ኣብ ሓደሽ ኣቃውማን ንጥፈታትን ማሕበር ዘተኮረ ስልጠና፡ ንኣባላት ውዳበ መንእሰያት ኣብ እንዳርግሽን ዓዲ ኳላን ከም ዝሃበ ወከል ኤርና ሓቢሩ።



ተሰፋሂወት ወልዳኣብዝጊ

## ሓሶትን ስልበጣን፡ ከም ጥበብ ፖለቲካን መሪሕነትን!

መራሒ ጉጅለ ብልጽግና፡ ብ3 ለካቲት 2026፡ ከም መውጽኢ ጭንቀቱ ንዝጥቀመሉ ኣኼባ "ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ" ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ነቲ ከም ጥበብ ፖለቲካን ኣመራርሓን ሕላገት ብልጽግና ዝኸዶ ሓሶትን ስልበጣን፡ ካብ ዝኸዶ እዋን ንላዕሊ ኣደሚቑዎ።

ኣብ'ቲ ንኣስታት 4 ሰዓታት ዝቐጸለ፡ ዝተሓላለኾ ጉዳያት ሓሶት ኣብ ርእሲ ሓሶት ክደርድረሉ ዝወዓለ መደረ፡ ነቲ ብስዑምግባሩን ክብሪታቱን ዝልሉ ብሰቡ ስልጣንን ኣዘዙቲ ሰራዊትን ብልጽግና ከይተረፈ፡ እምብዛ ዝተናእደ ሰራዊት ኤርትራ ጸለሎ ብምቕባእ፡ ኣብ መንጎ ጉረባብቲ ህዝብታት ነቓዕ እንተፈጠረ ያኢ፡ ከይሓፈረ ብሓሶትን ጠቕነን ክውንጀሎ ፈቲኑ።

እዚ ትማሊ-ትማሊ፡ "ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ'ቲ ፈታኒ እዋን ንዝገበሩልና ደገፍ እንርስዖ ዘማስሎ እንተለ፡ ዓሻ ጥራይ'ዩ" ክብል፡ ኣብ'ቲ እዋን ኩናትን ድሕሪኡን ንሰራዊት ኤርትራ እናመጎሰ ንኣዘዙ ብሓሳናት ዘጌጸ ጉጅለ፡ ዝ. ክሲ'ዚ ምቕራብ ንኩሉ ዝሰማዕ ከኣ ኩነታት-ኣእምሮን ጥራይ'ዩ ኣቃሊዑ።

እቲ መደረ ብዘውሰኸ፡ ነቲ ብምኽንያት "ልኡላዊ መሰኮት ባሕሪ" ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘለዎ፡ ብተደጋጋሚ ዝተጸህረሉን ኣጸዋር ክንርትዕ ዝጸንሐን ናይ ኩናት ኣጀንዳ ርትዓዊ ንምምሳል ዝዓለመ'ውን'ዩ፡ "እስራኤል ንሮራታት ጎላን ዝተቖጻጸረት፡ ንሃገራዊ ድሕነታ ህላወኣን ስለዝገደሳ'ዩ" ክብል ዘቕረቦ ምጉት፡ ነቲ ዝንቀደ ኣጀንዳኡ ብዝበለጸ ኣቃሊዕዎ'ሎ።

ሓሳውን ቁርበትን እናሓደረ ይፈልጦ ከም ዝከደ፡ መጻወቲ ወረቐት ዝወደኣ ዝመስል ጉጅለን መራሒኡን ዝመሃዞዎ ድርዳር ሓሶት እምብኣር፡ ዕላማኡ ካልእ ዘይኮነ፡ ኣብ መንጎ ጉረባብቲ ህዝብታት ቅርሕንቲ ብምፍጣር ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ'ዩ። እንተኾነ፡ ሰፍ፡ ኑዳይ፡ ፈራሕን ሰሱዕን ክሳዕ'ዚ ኩሉ ስለዝተረኽበ፡ በዚ ናይ ዕሸላት ፖለቲካ ተደሪኹ ኣብ መጻወድያኡ ክኣቱ ዝኽእል የሎን - ዋላ ሓደ የለን።

# መግለጺ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ 'ኣይፋል ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ'

ሎሚ 06 ለካቲት 2026 ኣህጉራዊ መዓልቲ 'ኣይፋል ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ' እያ። ናይ ሎሚ ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ፡ ዜሮ ተጻዋርነት ንምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፡ 'ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 2030 ክውገድ፡ ዘላቒ ተወፋይነትን ወፍርን የድሊ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ን/ዞባ ጎኖ ይብዓል ኣሎ። ሎሚ ዘበን እዛ ቴማ ኑቲ ኣብ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ (SDGs) ሸቶ 5፡ ዕላማ 5.3 ብኸሉን ሃገራት ዓለም ኣብ 2030 ክበጽሕ ተኣሚሙ ዘሎ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ምሉእ ብምሉእ ንምውጋድ ዝብል ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ እዚ ክንበጽሖ እንተ ኮይንና ካብዚ ዘለናዮ ናህሪ ብተዓጻጻፊ ክንሰርሕ ከም ዘድልየና ንምዝኽኻርን መብጽዓና እነሐድሰሉን ኣጋጣሚ እዩ።

ኣብ ሃገርና፡ ጥቕሞምን ጉድኣቶምን ከየስተውዓልካ ኣብ ልዕሊ ኣደታትን ህጻናትን ዝፍጸሙ ውሑዳት ዘይኮኑ ጎዳኢቲ ልምድታት ኣለው። ገለ ካብኣቶም ከቢድ ሳዕቤናት ዘኸትሉ ጎዳኢቲ ልምድታት፡ ዓንቀር ምኽላእ፣ ትሕቲ ዕድመ መርዓን ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮን ምጥቃስ ይከኣል። እዚ በበዓመቱ ዕለት 6 ለካቲት ብኣህጉራውን ሃገራውን መልክዕ ዝበዓል፡ ብቐንዱ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ፡ ደጋጊምካ መብጽዓ ብምእታው፡ ተወሳሲድካ ኣብርቲዕካ ንምስራሕ ዝዓለመ እዩ።

ምኽንሻብ ደቃንስትዮ፡ ጾታዊ ኣድልዎ ዝመባበሰኡ ካብ ግዳማዊ ኣካል መፍረ ጓልኣንስተይቲ ብምቝራጽ፡ ብምስፋይ፡ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ኣገባብ ብምጥቃም፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ሱር ዝሰደደ ሃሳዪ ልምዲ እዩ። ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሃሰያ ብምውራድ፡ ሞት ክስዕብ ዝኽእል ተግባር ምዃኑ ዝተረጋገጸ፡ ብዘወት ናይ ምንባር፡ ምምዕባልን መሰል ጓልኣንስተይቲ ዝጻረር ተግባር ምዃኑን ክፍለጥ ይግባእ።

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብርግጽ ኣብይን መዓስን ከም ዝተበገሰ ኣይፍለጥን'ዩ። ናይ ታሪኽ ሰነዳት ግን እዚ ተግባር ኣብ ምሉእ ዓለም ይፍጸም ከም ዝነበረ ይእምት፣ ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ሰነዳት 700 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ይዝውተር ነይሩ ክብሉ እንከለው፡ ኣብ ገለ ሰነዳት ድማ ቅድሚ ሃይማኖት ምስልምና ወይ'ውን ምስ ሃይማኖት ምስልምና ከም ዝመጸ ይጥቅሱ። ብፍላይ ናብ ኤርትራ ድማ ካብ ግብጺ ከም ዝመጸ ይጥቅሱ። ስለዚ'ዩ ድማ ገለ ሰባት ፎርዖናዊ ምግራዝ/ምኽንሻብ ዝብልዎ ይብሉ።

እቲ ኣጉዳሲ ነገር ግን ምኽንሻብ መዓስ ጀሚሩ? ኣበይ ጀሚሩ? በየን ኣትዩ? ዘይኮነስ፡ እዚ ተግባር'ዚ ኣብ ሃገርና ዝውቱር ምህላዉን ብቐንዱ ንደቂ ኣንስትዮ ግዳይ ዝገብር፡ ክውገድ ዝግበኦ ተግባር ምዃኑን ብምእማን፡ ንምውጋዱ ድማ ቀጻልን ዝተወሃሃደን ጻዕርን ወፍርን ምኽያድ ከም ዘድሊ ክስመረሉ ዝግባእ እዩ።

እቲ ዝኸፍአ ከንሸቡለ፡ ንምኽንሻብ ዝጥቀማሉ መሳርሒ፡ ብግቡእ ዘይመኸኸን ንዝተፈላለዩ ረኽስታት ዘቃልዕን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ህጻናት ኣብ እዋን ምኽንሻብ ከይንቀሳቐሳ ብሓይሊ እናተጸቕጣ፣ ኣብ ገለ ከብቢታት'ውን እናተኣሰራ፣ ብዘይ ወለንታኣን ዝፍጸም ልዑል ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ጓልኣንስተይቲ እዩ።

እቲ ካልእ ጸገም ዝተኸንሸበ ኣደታት፡ ንፈስቱላ ቅሉዓት ምዃነን እዩ። ፈስቱላ ሽንትን ቀልቀልን ናይ ዘይምቁጽጻር ጸገም ኮይኑ፡ ዝፍጠር ምቕዳድ ሻምብቆታት ሽንትን ቀልቀልን እዩ። እዚ ሓደጋ ዘጓነፋ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ከም ድላያ ክትዋሳእ የጸግማ፡ ተጻለውታት የጋጥማን እዩ።

ኣብ ኤርትራ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ሓራን ሓወሲ ሓራን ቦታታት፡ ኣንጻር ኩሎም ጎዳኢቲ ልምድታት እንኮላይ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ይሰርሓሉ ነይሩ'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ፡ መደባት ብምስራዕ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ሃይማኖታውያን ትካላት፡ ኣህጉራውያን መሻርኽትን ኮሚትን ከም ዝሳተፉ ብምግባር፡ ወሀዱ ዝኾነ ንስጉምትን ኣስተምህሮታትን ክካየዱ ዝጸንሐ፡ ብየብኡ'ውን ኩነታተን ንምፍላጥ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብዝዕባ ምኽንሻብ ክካየድ ጸኒሑን ኣሎ።

ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራ ንምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝእግድ ሕጊ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ኣብ 20 መጋቢት 2007 ብቑጽሪ 158/2007 ዝወጸ ኣዋጅ ምውጋድ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፡ ከም መቕጻዕታ ናይቲ ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝወርድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሓደጋታት ንምውጋድ ክግበር ዝጸንሐ ጻዕሪ ዝወጸ ኣዋጅ እዩ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ክካየድ ዝጸንሐ ወሀደን ቀጻልን ጻዕርታት፡ ኣብዚ እዋን ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብሓፈሻኡ ኣብ ሃገርና ጎዲሉ ምህላዉ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ እዩ። ኣብ ሃገርና ኩነታት ምኽንሻብ ንምፍላጥ ዝተገብረ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ 17 ንኡሳን ዞባታት ማለት፡ ዓንሰባ 8፣ ማእከል 5፣ ጋሽ ባርካ 2፣ ደቡብ 1፣ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 1፡ ካብ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ናጻ ኮይነን ኣለዋ። መብዝሕትአን መጽናዕቲ ዝተኻየደለን ን/ዞባታት ድማ፡ ንምእዋጅ ዝተቓረባ'የን። እዚ ዓወት፡ መርኣያ ናይቲ ወሀደን ቀጻልን ሕቡራዊ ስርሓትን ምንቅቃሕን ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ። ስለዚ፡ በዚ ውጽኢት ከይተዛነና፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ንምውጋዱ፡ ነቲ ኣብ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ 2030 ምኽንሻብ ኩብቕዕ ዝተኣትወ መብጽዓ ተግባራዊ ንምግባር፡ ብየጽዳፉ ክንሰርሕ የድሊ።

እምብኣርከስ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፣ መጻኢ ህይወት ደቂ-ኣንስትዮ ዘጸልምት፡ ንምዕባለኣን ዝቶትእ፡ ንጥዕናኣን ዝሃሲ፡ ንማሕበራዊ ቦታኣን ዘመዛብል፡ ሰብኣዊ መሰለን ዝፍንጭ፡ ጎዳኢ ልምዲ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ምውጋዱ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ እጃሙ ክበርክት ይግባእ። ብፍላይ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ልዕሊኣን ዝወረደ ሃሰያ ጠንቁ ግቡይ ኣተሓሳስባ ናይ ሕብረተሰብ ምዃኑ ብምርዳእ፡ እቲ ሰቓይ ኣብ ልዕሊ ደቀን'ውን ንኸይደግም ጸኒዐን ክቃለሳ ይግባእ።

6 ለካቲት ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣይፋል ንምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መብጽዓና ነሐድሰላ ስለዝኾነት 'ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 2030 ክውገድ፡ ምዕሩይ ዝርግሐ ብዘለዎ፡ ሕጂ'ውን ዝተወሃሃደ ጻዕሪ፡ ዘላቒ ተወፋይነትን ወፍርን ኩሎም ዝምልከቶም መሻርኽትን ብፍላጡ ድማ ተራ ወለዲ፡ መማህራን፡ ኮምን ሕብረተሰብን ክዕዘዝ ብኣጋጣሚ እዚ ክቡር ዕለት ዘኻኽር።

**ሚ/ዕ/ማ/ ድሕነትን**
**6 ለካቲት 2026**

– – – – – –

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:04 | ሞዛይክ (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ (2ይ ክፋል) |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም 'ሳወነ' |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝምዝም |

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዶብ ራፋሕ ምኽፋቱ ንቓዛ ክሳብ ክንደይ የገድስ፧




እስራኤል ኑቲ ንኣስታት ክልተ ዓመት ዓጺያቶ ዝጸንሐት መስመር ራፋሕ፡ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ከፊታቶ ኣላ። እዚ ንወሽመጥ ቓዛ ምስ ግብጺ ዘራኽብ መስመር፡ ካብ ግንቦት 2024 ኣትሒዙ እዩ ተዓጽዩ ጸኒሑ። ሰራዊት እስራኤል ኑቲ ኣብ ወሰናስን ምዕራባዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ዝርከብ መሬት፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ድሕሪ ምእታዉ፡ እስራኤል ብቐጸበት ኑቲ ካብን ናብን ወሽመጥ ቓዛ ግብጺ ዘመሓላልፍ፡ ዶብ ራፋሕ ክትዓጽዎ እያ ተረኺያ። ዶብ ራፋሕ እቲ እንኮ ንወሽመጥ ቓዛ ምስ ግብጺ ዘራኽብ መስመር ኮይኑ፡ ንፍልስጤማውያን ኣብ ጽንኩር እዋን ዓቢ ተራ ዘለዎ መተሓላለፊ መስመር እዩ። በዚ ከኣ ህዝቢ ፍልስጤም ንኣስታት ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብእስራኤል ዝኾየድ ዝነበረ ኣልማሚ ደብዳብ፡ ብሰንኪ ምዕጻው ናይቲ መሳገሪ ዶብ፡ ብሕጽረት ቀንዲ መሰረታውያን ጠለባት ደቂ-ሰብ'ውን ብዙሕ እዩ ተሳቒዩ።

ክፈላዊ ምኽፋት ራፋሕ ግን ንህዝቢ ፍልስጤም እንታይ'ዩ ክጠቕሞ፧

ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት፡ 4 ሽሕ ቆልዑ ዝርከብዎም ኣስታት 20 ሽሕ ሰባት፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ንምርካብ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ክወጹ ኣለዎም። እስራኤል ግን መስመር ራፋሕ መዓልታዊ 6 ሰዓታት ጥራሕ ኣገልግሎት ክሁብ እያ ኣፍቂዳ ዘላ - ብመሰረት ጸብጻባት። ኣብዘን ውሱናት ሰዓታት ድማ፡ 150 ሰባት ጥራሕ መዓልታዊ ካብታ ወሽመጥ ክወጹን፡ ኣብ እዋን ደማዊ ኲናት ካብ ቤቶም ዝተመዛበሉ፡ ካልኦት 50 ፍልስጤማውያን፡ ድማ ናብታ ወሽመጥ ክኣትዉ እያ ኣፍቂዳ። በዚ ከኣ እቶም ኣብ ሕማቕ ጥዕናዊ ኩነታት ዝርከቡ 20 ሽሕ ፍስጤማውያን ካብ ቓዛ ክወጹ ኣዋርሕ ክወስደሎም ይኽእል ማለት እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ እዋናት፡ ኣስታት 1,268 ሰባት ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ንምርካብ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ክወጹ እናተጸበዩ እንከለዉ ሞይቶም እዮም - ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ወሽመጥ ቓዛ። በዚ ከኣ እዚ ናይ ኣዋርሕ መስርሕ ምውጻእ ናይቶም ኣብ ሕማቕ ጥዕናዊ ኩነታት ዝርከቡ ፍልስጤማውያን ንብዙሓት እዩ ኣሻቓሊ ኮይኑ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ ከም ሳዕቤን ናይቲ፡ ውሑድ ገደብ ናይ ምንቅስቓሳት፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ቆልዑ ክሞቱ ከምዝኽእሉ እዩ ዝግመት። ብዘይካ'ዚ፡ እስራኤል፡ እቶም ካብ ወሽመጥ ቓዛ ዝወጹ ሕሙማት፡ ብሓደ ዘመዱ ጥራሕ ተዓጂቦ ብራፋሕ ናብ ግብጺ ክሰግር ፍቓድ ሂባ ኣላ። ኣብ ዶብ ራፋሕ፡ ኣባላት ጸጥታ እስራኤል ብኣካል ከምዝይርከቡ ዝሓበረ መንግስቲ እስራኤል፡ ኑቲ ኩነታት ኣብ ካልእ ከተማታት ኮይኖም ብርሑቕ ከምዝከታተልዎ ኣፍሊጡ ኣሎ።

መስመር ራፋሕ ኣብ 2024፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ቅድሚ ምእታዉ፡ ፍልስጤማውያን ኣብ ግዜ ኩናት ቡቲ መስመር ኣቢሎም እዮም፡ ካብታ ወሽመጥ ዝወጹ ነይሮም። ብተመሳሳሊ፡ ናብ ቓዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዛት'ውን ብራፋሕ ኣቢሉ እዩ ካብ ግብጺ ዝለኣኽ ነይሩ። ኣብዘን ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ግን እተን ዝርካበን ገለ ሓገዛት፡ ቡቲ ብ'ከረም ሻሎም' ዝፍለጥ መስመር እስራኤል እዩ ናብታ ወሽመጥ ክለኣኽ ጸኒሑ። ከተማ ራፋሕ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቓዛ፡ ኣብ ዶብ ግብጺ እትርከብ ከተማ ኮይና ቅድሚ ኩናት ቓዛ፡ ኣስታት 250 ሽሕ ነበርቲ ጥራሕ እዮም ነይሮማ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን እታ ከተማ ብዙሐ ህዝባ ናብ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ክብ ብምባሉ፡ ኣብ ዓለም ሓንቲ ካብተን ጽዑቕ ህዝቢ ዘለወን ከተማታት ኮይና'ያ ትርከብ።

ብመሰረት ጸብጻባት ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣብ ከተማ ካይሮ-ግብጺ፡ ኣስታት 30 ሽሕ ፍልስጤማውያን ናብ ሃገሮም ንምምላስ ተመዝጊቦም ኣለዉ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ፡ መንግስቲ ግብጺ፡ መስመር ራፋሕ እንተላይ ኑቶም ኣብ ሃገሩ ዝርከቡ ፍልስጤማውያን ክፉት ክኸውን ምጽውዑ ኣይርሳዕን። መሳገሪ ዶብ ራፋሕ ካብ ዝዕጾ ንደሓር፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ምስ መሻርኽቱ፡ ብመንገዱ ንኣስታት 2700 ሰባት ንሕክምናዊ ሓገዝ ካብ ቓዛ ኣውጺኦምዎም - ብመሰረት ጸብጻባት ናይቲ ውድብ።

ቡቲ ብመንጎኛነት ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝተበጽሐ 20 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም፡ መስመር ራፋሕ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይቲ ስምምዕ እዩ ክኽፈት ነይሩዎ። እንተኾነ ግን ሓማስ ሬሳ ናይ ሓደ ካብቶም 251 ጅሆ ሒዝዎም ዝጸንሐ እስራኤላውያን ከየረከበ ብምጽንሑ፡ እስራኤል ኑቲ ንራፋሕ ናይ ምኽፋት መደባ ክተናውሖ እያ ተረኺያ። ሓማስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኑቲ ሬሳ ንእስራኤል ድሕሪ ምርካቡ ግን፡ እስራኤል ኑቲ መስመር ክትከፍቶ ፍቓደኛ እያ ክትብል እያ ተሰሚዓ። ይኹን'ምበር ብዙሓት ነበርቲ ወሽመጥ ቓዛ መረረኦም ከስምዑ እዮም ዝረኣዩ ዘለዉ። 'እስራኤል መሳገሪ ዶብ ራፋሕ ከፊታቶ ኣላ ምባል እኹል ኣይኮነን' ዝበሉ ገለ ነበርቲ ናይታ ወሽመጥ፡ ንኹሉ መስመራት ብዘይ ገደብ ክትከፍቶ እዮም ዝጽውዑ ዘለዉ። እዚ ምስዘይከውን ግን ብዙሓት ሰላማውያን ሰባት ሕክምናዊ ሓገዝ ከይረኸቡ እንከለዉ፡ ንሞት ከምዝቃልዑ እዮም እቶም ነበርቲ ዘወቕሱ።

መንግስቲ እስራኤል፡ ቡቲ ተኸፊቱ ዘሎ መስመር ራፋሕ ዝግበር ምንቅስቓሳት ብዕቱብ ከምዝቈጻጸሮ ኣፍሊጡ ኣሎ። በዚ ኸኣ እቲ ኣቐዲሙ ኣብ ንቡር ኩነታት ፍርቂ ሰዓት ጥራይ ዝወስድ ዝነበረ መስርሕ ጉዕዞ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣስታት 5 ሰዓታት ከምዝወስድ ገይሩዎ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ እዚ ካብን ናብን ወሽመጥ ቓዛ ግብጺ ዝኾየድ ምንቅስቓሳት፡ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ብዝመጹ ተቖጻጸርትን ካልኦት ፍልስጤማውያን ኣባላትን እውን ዝተማእከለ እዩ።

ብሰንክ'ቲ ልዕሊ 2 ዓመታት ዝቐጸለ መጠነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ንጥሜት ተቓሊዖም እዮም። ብመሰረት ጸብጻባት - ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ ኣብታ ወሽመጥ ቀጽሪ ናይቶም ብዓጸቦ ዝተጠቕዑ ህጻናት ብሰለስተ ዕጽፊ እዩ ዓቢዩ። ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ እዋናት፡ ሓደ ሲሶ ካብ ብዝሒ ህዝቢ ቓዛ፡ ንመዓልታት መግቢ ከይለኸፈ ክሰይድ ከምዝጸንሐ እዮም እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ ዘመልክቱ። ኣብቲ ወሽመጥ ብሓፈሻ፡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ቆልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ፍልስጤማውያን፡ ተጸበይቲ ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዛት ኮይኖም ከምዘለዉ ይፍለጥ። ብመሰረት'ቲ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን፡ እስራኤል መዓልታዊ ኣስታት 600 ሓገዝ ዝጸዓና ዓበይቲ መካይን ናብ ቓዛ ክኣትዋ ክተፍቅድ ምዃና እዩ ተገሊጹ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብዘን ዝሓለፋ ሓደት ኣዋርሕ፡ ትሕቲ ፍርቂ ካብዚኣን ጥራሕ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ከምዝኣተዋ፡ ነበርቲ ናይታ ወሽመጥ ይገልጹ። በዚ ከኣ ነበርቲ ናይታ ከተማ ዛጊት ከምዝይተረጋግኡን፡ ገና ብሕጽረት ሰብኣዊ ሓገዛት ይሳቐዩ ከምዘለዉን'ውን ክግመት ይከኣል።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተኻይዶ ብዘላ ኣልማሚ ደብዳብ፣ ብውሑዱ 71,369 ፍልስጤማውያን ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 152,800 ድማ ቆሲሎም፡ ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ወሽመጥ ቓዛ። ብዘይካ'ዚ ኣስታት 80 ሚእታዊት ካብ ህንጻታት ወሽመጥ ቓዛ ቡቲ ኲናት ዓንዮም እዮም።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምጽባብ ሻምብቆ ኣርተሪ ብኸመይ ይኽሰት፧

ምጽባብ ደም ዝጸግንሉ ሻምብቆ ኣርተሪ - 'ኣተሮስለሮሲስ' (atherosclerosis) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ኣርተሪ ብኦክሲጅን ዝሃብተመ ደም፣ካብ ልቢ ናብ ኣካል ንምዝዋዝ ልዑል ሓላፍነት ዝሰከም ኣጉዳሲ ክፋል ሻምብቆ ደም እዩ። ኣርተሪ ጥዑይን ንቡርን ኣሎ ክንብል እንተኾንና ተረር፣ ተዓጻጻፍን ተመጣጥን ጠባዩ እዩ ክህልዎ ዝግባእ። በንጻሩ፡ ቀጻሊ ዝጸብበን ዝዕበሰን ኣርተሪ ድማ፡ ን'ኣተሮስለሮሲስ' የቃልዕ።

ዕድመ እናደፋእና ክንክይድ እንከለና - ስብሒ፣ ኮሌስትሮልን ካልሸየምን ተኣኪቦም ኣብ መናድቕ ኣርተሪ ተለጊፌ ተወሳኺ ቀጸላ ስለ ዝፈጥሩ እቲ ሻምብቆ ይጸብብ። እዚ፣ እቲ ደም ብቐሊሉ ከይውሕዝ ይዓግቶ።

እዚ ተደራቢ ቀጸላ'ዚ ናብ ልቢ ቀረባ ኣብ ዘሎ ሻምብቆ ኣርተሪ ከምኡ'ውን ኣብ እግሪ ሓንጎል፡ ኩሊትን ካልእ ክፋሊ ኣካላትናን ኣብ ዝርከብ ሻምብቆ ኣርተሪ ክፍጠር ይኽእል እዩ።

ከም ሳዕቤኑ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ቲሹታትን ሰብነትና ናይ ዝበጽሕ ዓቐን ደም፣ ኦክሲጅንን መኣዛን ይውሕድ። እቲ ተደራቢ ቀጸላ፡ ኣብ ሻምብቆ ደም ኣርተሪ ደም ክረግእ'ውን ይገብር እዩ። ጠንቂ መጥቃዕቲ ልቢ፣ ወቕዒን ድኻም ልብን'ውን ይኸውን።

'ኣተሮስለሮሲስ' ንሻምብቆታት ደምና ኣቐሚሙ ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ፡ 'ኢንዶተሊያል' (endothelial) ኣብ ዝተባህሉ ዋህዮታት ብዘወርድ መጉዳእቲ ይኽሰት። እዞም ዋህዮታት'ዚኦም ነቲ ብሻምብቆ ደም ዝውሕዝ መጠን ደም ኣብ ምቍጽጻር ይሰርሑ። እቶም ካልኦት ን'ኣተሮስለሮሲስ' ዘቃልዑ ረቛሕተ - ዋሕዲ ምውስዋስ ኣካላት፡ ምኽሳዕን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን እዮም።

ብዝተፈላለዩ ሕማማት ተደጋጋሚ ናይ ምቅጻልን ቀሓርን ዝኣመሰሉ ስምዒታት ዘለዎምን ረኽሲ ብተደጋጋሚ ዝጥቀዩምን ሰብት'ውን ነዚ ጸገም'ዚ ዝተቓልዑ እዮም። ኣብ ሻምብቆ ደም ዝተኸዘ ኮሌስትሮል ወይ ስብሒ ምህላው ጠንቂ ናይዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ምዃኑ እዩ ዝገለጽ።

'ኣተሮስለሮሲስ'፡ ብዋሕዲ ዝተፈላለዩ መኣዛታት መግቢ'ውን ይኽሰት እዩ። ንኣብነት ብዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ'፣ ብምራት (antioxidation) ከምኡ'ውን ብቃጸሎ (inflammation) ሻምብቆ ደም ዝፍጠር ጸቕጢ፡ ኣብ ጥዕና ኣርተሪ ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ስለዚ፡ ጥዕና ሻምብቆ ኣርተሪ ምሕላው ካብ 'ኣተሮስለሮሲስ'፡ ብሓፈሻኡ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ጸገማት ልቢ ክንከላኸል ንኽእል።



ምልክታት 'ኣተሮስለሮሲስ'

ሻምብቆ ኣርተሪ ክሳብ ዝዕጾን ኣገዳሲ ዝጨናነቐን ምልክታት 'ኣተሮስለሮሲስ' ምሉእ ብምሉእ ኣይገሃድን እዩ። እቶም ልሙዳት ምልክታት፦

- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ ከምኡ'ውን ሕንቆ-ልቢ (ምጉዳል ናብ ልቢ ዝውሕዝ ኦክሲጅን)፡
- ቃንዛ መሓውር፡ ኣእዳውን ካልእ ክፍሊ ኣካላትን፡
- ምሽምቓቕ ጭዋዳን ቃንዛን ብፍላይ ኣብ ጉዕዞ፡
- ሕጽረት እስትንፋስ፡
- ምስልካይ፡
- ምስላት ኣደካምን ምስትብዛልን ወዘተ እዮም።

'ኣተሮስለሮሲስ' ቀልጢፉ ክፍወስ እንተዘይክኢሉ መጥቃዕቲ ልብን ወቕዕን ስለ ዘስዕብ ምልክታቱ ምስ ክልቲኦም ምምስሳል ከም ዘለዎ'ውን ምስትብሃል የድሊ።

**ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ**

- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡
- ቃንዛ መንከብ፡ ዓንዲ ሕቖ፡ ክሳድ፡ መሓውርን መንጋጋን፡
- ቃንዛ ከስዐ፡
- ሕጽረት እስትንፋስ፡
- ተደጋጋሚ ረሃጽ፡
- ዕግርግርን ተምላስን ወዘተ የጠቓልል።

**ምልክታት ወቕዒ፦**

- ኣብ ገጽን መሓውርን ብፍሉይ ዝርኣ ድኻምን ምድንዛዝን፡
- ክትዛረብ ምጽጋም፡
- ዝተባህለካ ብዝግባእ ክትርድእ ዘይምኽኣል፡
- ነገራት ብዝግባእ ክትርኢ ዘይምኽኣል፡
- ምስላት ሚዛን ሰብነት፡
- ሃንደበት ዝመጽእ ሕማም ርእሲ ወዘተ የጠቓልል።

ኣስተብህል! መጥቃዕቲ ልብን ወቕዕን ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮም ጸገማት ጥዕና እዮም።

ጠንቅታት 'ኣተሮስለሮሲስ'

### ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል

ኮሌስትሮል፡ ስምዒ ማሰል (waxy) ብጫ ዝሕብሩ ወህደት/ሱብስታንስ እዩ። ብተፈጥሮ ኣብ ሰብነትናን ኣብ ገለ ካብቶም ንወስዶም መግብታትን ይርከብ።

ኣብ ኣካላትና ብሓፈሻ ኣብ ደምና ድማ ብፍላይ ዝህሉ ዓቐን ኮሌስትሮል ምስ ዝዓቢ፡ ኣብ ሻምብቆ ኣርተሪ ቀጸላ ብምፍጣር ደም ብዝግባእ ንኸይውሕዝ ይዓግቶ።

### ኣመጋግባ

ጥዕናና ንምሕላው ኣብ ኣመጋግባና ጥንቁቓት ክንከውን እዩ ዝግባእ። ካብ 'ኣተሮስለሮሲስ' ንምክልኻል ኣሕምልትን ጥረታትን ክዘውትር ዝበለጸ እዩ። በንጻሩ ብብዝሒ ቅብኣት፡ ሽኮራውን ጨውን ዝበዝሑም መግብታትን ክንወስድ ከም ዘይብልና ይምከር።

- ኣብ መዓልቲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ካብ 6 ማንካ ሻሂ ወይ 100 ካሎሪ ሽኮር፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ካብ 9 ማንካ ሻሂ ወይ 150 ካሎሪ ሽኮር ዝያዳ ክወስዱ ከም ዘይብሎም ይምከር።
- ኣብ መዓልቲ ክንወስዶ ዝግበኣና ዓቐን ጨው ካብ 2,300 ሚሊ. ግራም ክዛይድ የብሉን።
- መዓልታዊ ካብ እንወስዶ መግቢ፡ ዓቐን ናይ ንወስዶ ስብሒ (fat) ካብ 5 ወይ 6 ሚእታዊት ዝዛይድ ክኸውን የብሉን።

### ዕድመ

ዕድመ እናወሰኽና/ እናሸምገልና ብዝኸድና፡ ሻምብቆታት ደምና ከምቲ ዝድለ ተዓጻጻፍቲ ስለ ዘይኮኑ፡ ብዝግባእ ደም ኣይጭምንጉዕን ኣይቕበሉን እዮም።

'ኣተሮስለሮሲስ' ብኸመይ ንፍወሶ?

ኣብ ኣመጋግባና ግቡእ ምክትታል ምግባር፣ ኣብ ኣካላትና ዘሎ ዓቐን ኮሌስትሮል ንምጉዳል ዝሕግዝ ኣገባብ ምኽታል፣ ልብን ሻምብቆታት ደምን ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ፣ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ፍወሳ ምርካብ ገለ ካብቶም 'ኣተሮስለሮሲስ' ንምፍዋስ ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም።

**ን'ኣተሮስለሮሲስ' ተኣፋፊ መን እዩ?**

ብ'ኣተሮስለሮሲስ' ዝያዳ ክጥቃዕ ዝኽእል፦

- ምውስዋስ ኣካላት ዘየዘውትር፡
- ልዑል ጸቕጢ ደም ዘለዎ፡
- ሕማም ሽኮር ዘለዎ፡
- ኣትካኺ ሽጋራ እቶም ቀንዲ እዮም።

ብኸመይ ኢና ጥዕና ኣርተሪ ንሕሉ?

ሓደ ካብኡ ኣመጋግባና እዩ። ንጥዕና ሻምብቆታት ልቢ ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ብሳይንሳዊ ምርምራት ዝተደገፉ ሓያሎ መግብታት ከም ዘለዉ ክኢላታት ይሰማምዑ። ገለ ካብኦም፦

### እንጣጢዕ

እንጣጢዕ - ንጥዕና ልቢ ኣገዳሲ መግቢ እዩ። ልዑል ጽሕጊ ዘለዎ ዓይነት ጥረታት ብምዃኑ ካብ ምጽባብን ምዕባስን ሻምብቆ ኣርተሪ ይከላኸል። ሓያል ምንጪ 'ኦሜጋ-3' ዝተባህለ መኣዛዊ መግቢ ድማ እዩ። እዚ ካብ ነድርን ቁጥዐን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ። ጸቕጢ ደም የጉድል።

ጻዕዳ ሽጉርቲ

ጻዕዳ ሽጉርቲ ካብ ምጽባብን ምዕባስን ኣርተሪ ኣብ ምክልኻል ልዑል እጃም




ኣለዎ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ይከላኸል። ጸቕጢ ደም'ውን የጉድል። ብ'ኣተሮስለሮሲስ' ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎታት የጽብብ።

### ስምስም

ስምስም ኣብ ሻምብቆታት ደም ተደራቢ ቀጸላታት ንኸይፍጠር ንምክልኻል ዝሕግዝ መኣዛ ኣለዎ። ነዚ ንምርግጋጽ ሓያሎ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ተኻዪዶም እዮም። ኣብ 2006፡ 'ጆርናል ኦፍ መዲሲናል ፋድ' ኣብ ዝተባህለ መጽሄት ዝወጸ ሕክምናዊ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ዘይቲ ስምስም ዝርከብ ስቡሓዊ ኣሲድ፡ ኣብ ሻምብቆታት ደም ክነደቑ ዝኽእሉ ኮሌስትሮልን ስብሕን ኣብ ምጥፋእ፡ ከምኡ'ውን ን'ኣተሮስለሮሲስ' ዘቃልዑና ጠንቅታት ኣብ ምእላይን ይጠቅም።

### ዝንጅብል

ዝንጅብል ካብ ምራት (antioxidation) ከምኡ'ውን ካብ ምቅጻል (inflammation) ኣብ ምክልኻል ዝጠቅም ውጽኢታዊ ቀመም እዩ። በዚ፡ ኣብ መናድቕ ኣርተሪ ክህልዉ ንዝኽእሉ ስብሕን ኮሌስትሮልን ኣብ ምጥፋእ ልዑል ተራ ይጻወት።

### ለሚን

ውትሩ ንግሆ ኣብ እትወስዶ ማይ፡ ጸማቝ ለሚን ምሕዋስ ብፍላይ ንጥዕና ልብኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ክኢላታት የመልክቱ። ለሚን ኣብ ደም ክህሉ ንዝኽእል መጠን ኮሌስትሮል ኣብ ምጉዳል ብቐዳምነት እዩ ዝጥቀስ። ሻምብቆታት ደም ናይ ምራት መጉዳእቲ ከየጋጥሞም ኣብ ምክልኻል ልዑል እጃም ደጻወት።

ለሚን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ስለ ዘለዎ ሻምብቆታት ደም ኣብ ምትራርን መጠን ኮሌስትሮልን ስብሕን ኣብ ምጉዳልን ሓጋዚ እዩ።

### ሁሩድ

ሁሩድ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ መላእ ዓለም ከም መመቀሪ መግብን መድሃኒትን ክገልግል ዝጸንሐ ቀመም እዩ። እዚ ቀመም'ዚ ንጥዕና ልብን ሻምብቆታት ደምን ሓጋዚ ምዃኑ ብሓያሎ ሳይንሳዊ ምርምራት ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

### ጉዕ በርበረ

ጉዕ በርበረ ዘይተደልየ ስብሒ ንምቅጻል ከምኡ'ውን ኣብ መናድቕ ሻምብቆታት ደም ክፍጠሩ ንዝኽእሉ ተደራቢቲ ቀጸላታት ኣብ ምእላይ ጠቓሚ ዝኾነ መኣዛ ከም ዘለዎ ክኢላታት የመልክቱ።

### ቃርፋ

ቃርፋ - ምስ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን 'ኣተሮስለሮሲስ' ምትእስሳር ዘለዎም ጠንቅታት ኣብ ምጉዳል ሓጋዚ ምዃኑ ሓያሎ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት ከረጋግጽዎ ክኢሎም እዮም። ኣብ 2003 'ዲያብዚስ ኬር' ኣብ ዝበሃል መጽሄት ዝተዘርግሐ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከም ዘጽረዎ፡ ቃርፋ - ኣብ ሻምብቆታት ደም ዝህሉ መጠን ኮሌስትሮል ኣብ ምእላይን ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ግሉኮስ ኣብ ምጉዳልን ሕማም ሽኮር ኣብ ምንካይን ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ።

### ኣራንሺ

መዓልታዊ ሽኮር ዘይተሓወሶ ሓደ ኩብያ ወይ ልዕሊኡ ጸማቝ ኣራንሺ ምውሳድ፡ ጸቕጢ ደም ከም ዘጉድል ይንገር። ኣራንሺ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ስለ ዘለዎ፡ ብሰንኪ ምራት ኣብ ልዕሊ ሻምብቆታት ደም ክወርድ ንዝኽእል ጉድኣት ከም ዘጉድል ይንገር።

### ሰፒናቺ

ሰፒናቺ ብትሕዝቶ ጽሕግን ፖታሽየምን ዝሃብተመ ዓይነት ሓምሊ እዩ። እዞም መኣዛታት'ዚኦም ድማ ኮሌስትሮል ኣብ ምጉዳል ልዑል ጥቕሚ ስለ ዘለዎም ንጥዕና ሻምብቆ ደም ኣርተሪ ኣገዳሲ እዩ።

### ብርጭቕ

ብርጭቕ ንጥዕና ልቢ ኣዝዩ ኣገዳሲ ፍሩታ እዩ። ልዑል ትሕዝቶ 'ኣሚኖ ኣሲድ' ከም ዘለዎ ዝንገረሉ ብርጭቕ፡ ጸቕጢ ደም ብምጉዳልን ናይ ምቅጻል ሻምብቆታት ደም ብምክልኻልን ንጥዕና ኣርተሪ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Ass. Mining Training Officer** |
| **Department** | **UG Mining** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **UG Training Officer** |
| **Primary** | **Coordinate & assist underground training officer with accurate record keeping of the training progress of the workforce. He will create & maintain a filling system for every underground worker, tracking their training progress.** |
| **Duties:** | - Maintain Training records & filling system for UG workforce.<br>- Facilitate the UG induction process.<br>- Assist in the creation & delivery of training programs for employees.<br>- Schedule & coordinate training sessions & events.<br>- Maintain training databases.<br>- Communicate with trainers & trainees to ensure a successful training experience.<br>- Set up & maintain training materials & equipment.<br>- Monitor & evaluate training effectiveness.<br>- Provide support in the development of training materials & presentations.<br>- Work with management to identify training needs for individual employees & departments.<br>- Perform needs analysis, compile training material, conduct interventions, & evaluate learners' performance. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - A high school diploma is required.<br>- Training, Admin, or HR related fields. |

| | |
|---|---|
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum 5 years of experience in the mining industry.<br>• Computer literate with experience in Microsoft office programs.<br>• Ability to maintain accurate training records.<br>• Excellent verbal & written communication.<br>• Ability to conduct thorough needs assessment to gauge training needs.<br>• Strong desktop & in person research, presentation, & reporting skills.<br>• A willingness to learn & a strong work ethic.<br>• Excellent filling system skills. |
| **Leadership experience-Nature & length** | Experience in Admin & related fields. |
| **Other skills and abilities** | Physically fit & healthy.<br>Strong communication & interpersonal skill.<br>Team player.<br>Must be able to work & perform under pressure.<br>Knowle of relevant legislation.<br>Good verbal & written communication skill in English.<br>Produce & maintain effective training results. |
| **Salary: according to the Company's salary scale.** | |
| **Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled their National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Provide clearance from the current/last employer. Applications should be sent through the Post Office.<br>Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. The application will not be sent to the sender. | |
| **Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.** | |
| Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272 | |
| Deadline for application: 10 days from the day of announcement. | |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Isolation Officer**
**Number required – (04)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Supports the Senior Electrician in maintaining a safe and reliable fixed plant environment by leading and executing the isolation and lockout of electrical, pneumatic, gravitational, and mechanical energy sources. This role also assists with electrical tasks, including installation, troubleshooting, and maintenance of equipment to ensure optimal performance and safety.
- Reports directly to the Senior Electrician and actively contributes to daily plant maintenance, operational support, team development, and continuous improvement initiatives—ensuring all activities align with and support the achievement of production, safety, and maintenance KPIs.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Interpret electrical schematics, control narratives, and piping & instrumentation diagrams (P&IDs) to accurately identify equipment and perform effective isolation and lockout procedures.
- Conduct audits on all equipment to identify issues within lockout systems, perform necessary repairs, and escalate unresolved problems for further action.
- Perform preventive and corrective maintenance on electrical systems and equipment, including MV/LV motors, VFDs, MCCs, transformers, switchgear, lighting systems, UPS units, and backup generators.
- Respond promptly and professionally to emergency breakdowns and after-hours maintenance calls, ensuring rapid restoration of equipment.
- Understand plant interlocks and automatic start-up sequences to ensure complete isolation of upstream and downstream equipment.
- Perform equipment isolation in full compliance with site isolation and lockout procedures, ensuring strict adherence to all safety standards.
- Collaborate with other departments (e.g., mechanical, instrumentation, operations) to coordinate cross-functional maintenance efforts.
- Maintain accurate records of isolation activities and ensure proper documentation for compliance and reporting.
- Manage the issuance of lockout keys and tags, conduct regular audits, and maintain an up-to-date register of all keys issued on site.
- Promote safe work practices and adherence to isolation standards within the team.
- Assist in electrical work, including installation, troubleshooting, and maintenance of equipment to ensure safe and reliable operations.
- Ensure proper use of PPE and compliance with all site safety procedures, hazard identification, and risk mitigation measures.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Grade 12<br>• Technical College Electrical Engineering Diploma/certificate |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years' experience as an Electrician<br>• Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.<br>• In-depth knowledge of different Electrical Fixed Plant Equipment, i.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc.<br>• Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. |
| Technical Skills | • Experience in Slurry Pumps, Crusher, Mills, Conveyor belt and Floatation Cells<br>• Analytical skills & Decision-making skills<br>• Basic knowledge of CMMS systems & Proficient Microsoft skills<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Good Interpersonal skills<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# መንፈስ ስርሒት ፈንቅል፡ ፍቕያ ባሕሪ ኤርትራ

ሱልጣን መሓመድሰዒድ ዑመር

(2ይን መወዳእታን ክፋል)

“ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ካብ ኢድና ምውጽኣ፡ ዓንዲ ሕቖና ምስባር ማለት እዩ፡ ብኸንሮረና ኢና ተታሒዝና፡” እዚ ቃል'ዚ፡ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ድሕሪ'ቲ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ዘጋጠሞ ስዕረት ካብ ዝበሎ እዩ።

እዚ ብመራሒ ናይታ ሃገር ኣብ እዋኑ ዝተወሃበ መግለጺ፡ ብናይ ባዕሉ ቃላት ነቲ ስዕረት ዘይመውትን ነባርን ምዃኑ ዘረጋግጸ እዩ። ብዘይካ'ዚ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ስርሒት ዝተሳተፉ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ስርዓት ደርግ ዝነበረ ምሩኽ ጀነራል ጥላሁን ክፍሌ፡ “ኣብ ናይ ወተሃደራዊ ሞያ ዕምረይ፡ ናይ መጀመርታ ስዕረተይ ተቐቢለ ኣለኹ፡ ቅልጣፈን ሞራልን ተጋደልትኹም ካብ ናትና ኣዝዩ በሊጹ፡” ክብል ነቲ ኣብ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ዝተዓዘቦ ኣገራሚ ፍሉይነት ንጋዜጠኛታት ህዝባዊ ግንባር ምስክርነቱ ሂቡ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ እዩ፡ ኣብ ቅንያት እቲ ታሪኻዊ ስርሒት፡ ሓደ ካብቶም ነቲ ሕልሚ ዝመስል ዝነበረ ኩነት ናብ ህያው ክዉንነት ዝቐየሩ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣዛዚ ባሕርያ ዝነበረ፡ ስዉእ ሜጀር ጀነራል ሑመድ ካሪካሪ፡ “እዚ ባሕሪ ናትና እዩ። ደቂ ባሕሪ ስለዝኾንና፡ ምስጢር ባሕርናን ደሴታትናን ኣጸቢቕና ኢና ንፈልጦን ዝፈልጠናን፡” ክብል ዝተዛረበ።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ ኣብ ስርሒት ፈንቅል መሪሑም ካብ ዝተዋግኡ ጀነራላት ደርግ ሓደ እዩ። ጀነራል ተሾመ፡ ምስ ከምኡ ብረት ዝዓጠቑ ወተሃደራት ገጢሙ ስዕረት ምስ ተጐልበበ፡ ንሰላማዊ ህዝቢ ባጽዕ ከም ጅሆ ብምሓዝን ከም ጉልባብ ብምጥቃምን ኣረሜናዊ ተግባር ዝፈጸመ መኰነን እዩ። እዚ መኰነን'ዚ ኣብ ከባቢ ዝጡሓለሉ ደንደስ ባሕሪ ኤርትራ ኮይኑ ድሕሪ ዝሃቦ ናይ ቀብጸ ተሰፋን ዝተሳዕረ መንፈስን መደረ፡ ብዓቕሊ ጸቢቱ ኑብሰ ቅትለት ፈጺሙ ኣብ ባሕሪ ጠለቐ። ንእኡ ስዒቦም ገለ መኰንናት ዝርከብዎም ወተሃደራት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ዝወሰዱ ነይሮም እዮም። እዞም ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ክገጥሙ ዝኣገሞም ብዓቕሊ ጸቢትን ተሰፋ ምቑራጽን ነፍሶም ዘጥፍኡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ነጹብራቕ ናይቲ ንእለቫ ኣፍደገ ባሕሪ ኣንቂዱ ዝተኻየደ፡ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ኤርትራ ዝተቐትለ ኢትዮጵያዊ ናይ ምስፍሕፋሕ ዘመተ እዮም። ብርግጽ ድማ ኢትዮጵያ መስፋሕፍሒ ጥሙሕ ዘይናቱ ክግበት ኑብሰ ቅትለት እዩ ፈጺሙ። እዚ ነፍሰ ቅትለት'ዚ ንምሉእ ስዕረቱ ማሕተም ዝሃረመን ዘረጋገጸን ነባሪ ሓወልቲ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ፡ እቲ ሓባራዊ ተሰፋ ናይ ምቝራጽ ስጉምቶም፡ ነቲ ምሉእን ኣዕናውን ውድቀት ናይቲ ኣስፋሕፋሒ ወፍሪ ይውክል ዝበሃል። ክሳብ ዝደለይዎ ዓቐን ክሓልሙ እምበር ዝሓለምዎ ክተግብሩ ወይ ክፍጽሙ ኩቶ ከም ዘይክእሉ ዘረጋግጸ ፍጻመ እዩ።

ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ነቲ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ኣርሒዩ። ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንፈስ'ውን ኣትረርዎ እዩ። ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዋጋ ዕዳጋን ድርድርን ዝግበረሉ ሃብቲ ዘይኮነ፡ ዘይንቕንቕ እምነ-መሰረት ኤርትራን ኤርትራውነትን ምዃኑ ዘስመረ'ውን እዩ።

ኣብቲ ካብ 1952 ክሳብ 1991 ኣብ ዝነበረ ናይ ፌደረሽንን መቑረንትን 39 ዓመታት ዝኾነ ይኹን ካብቶም ብቀይሕ ባሕሪ ዝዓብዱ ልሂቃን ኢትዮጵያ ካብ ቀይሕ ባሕሪ ሓደ ዓሳ ክገፉ'ውን ኣይከኣሉን። ብፍላይ ድሕሪ ምስላጥ መስርሕ ጉቦጣ፡ ማለት







ንምውሓስ ኣንቂዱ ዝኻየድ ዝነበረ ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ዝምልከት እወታዊ ሓበሬታ ክሓልፍ ዝድለየሉ ፖለቲካዊ ዝንባለ ኣይነበረን። እንተኾነ ኣንጸባራቒ ዓወት ስርሒት ፈንቅል፡ ነዚ ዝነበዕ ኣተሓሳስባ'ውን ከይተረፈ ዝፈነቀለ ኩነታት እዩ ፈጢሩ። ፍሩይ ኣብነት ናይዚ ክስተት'ዚ፡ ህቡብ መርቡብ ሓበሬታ መደበር ተለቪዥን ቢቢሲ፡ ንተኣምራታዊ ስርሒት ፈንቅል ብዝምልከት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ክልተ ወገን (ማለት ውድብ ህዝባዊ ግንባርን መንግስቲ ኢትዮጵያን) ዝፈጠሮ ስምዒታት ድሕሪ ምክትታል፡ ኣብ ናይ 10 ለካቲት 1990 ፈነወኡ፡ “ዓወት ስርሒት ፈንቅል፡ ነቲ ካብ ኣፍሪቃ ዝሓየለ ናይ ባሕሪ ሓይሊ ዘውንን ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም፡ እቲ ዝዓበየ ውርደት እዩ” ክትብል ኣቃሊሓ። እዚ ንሓደ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ተወዳዳሪ ደረጃ ዝነበሮ ሓይሊ ባሕሪ ዝደበየ ስርሒት፡ ነቲ ናይ ኢትዮጵያ ወራሪ ሓይሊ፡ ኣብ ልዕሊ ቀይሕ ባሕሪ ክውንኖ ዝወጠነ ናይ ጽልዋ ፕሮጀክት ንሓዋሩ ዝቐተለ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ናይቲ ሽዑ እዋን ተንተንቲ ፖለቲካ ይምጉቱ።

ዓወት ፈንቅል፡ በሪ መላእ ሓርነት ኤርትራ ጥራይ ኣይኮነን ካብ 1962 ንደሓር ምህርቲ ናይ'ቲ ባሕሪ ምእኩት ኣይነበረን። ይዕዘዘብን የስተንትንን ጥራይ እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ከም ዘልኣለማዊ ፍቕያ፡ ንመቓብር እቶም ሓራ ንምውጽኡ ዘወደቑ ምዑታት ደቂ ኤርትራ ንምሕላው ንሽፋን ኣዒንቲ ንስሪ ኣርሒዩ ምህርቱ እናሃበ ብደዉ የቋምት ኣሎ። ነቶም ወትሩ ክሓልሙ ዝተፈርዱ ተሰፋ ኣልቦ ድማ፡ “ነዚ ገማግም ኣጽሊሉ ዘሎ፡ እቲ ንዓርሞሸሽ ኢትዮጵያዊ ኣምብራጦርያ ዘፍረሰ ድርዒ ሓጺን ዝኾነ መንነት ንሱ እዩ፡ ኣይተቐየረን፡” ክብል ወትሩ ብጉሳዕ ማዕበሉ የዘኻኽር ኣሎ፡ እቲ ደም ኣእላፍ ዝሓተተ፡ ቀይሕ ዝሕብሩ ቀይሕ ባሕሪ።

ስዕረቱ ምውሓጥ ዝኣበዮ ስርዓት ደርግ፡ ሰራዊቱ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ መላስ ኣውያት ዘይብሉ ምስ ተደምሰሰ፡ ከም መውጽኢ ቁጠዓኡን ኣምሳያ ቅብጸት ተሰፋኡን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘይዓጠቐ ህዝቢ ብናፓልምን ክላስተር ቦምባን እዩ ኣድራጋ ደብዳብ ነፊርቲ ኣካዪዱ። እቲ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ዜጋታት ዘጽነተ፡ ኣብ መዛግብቲ ሰብኣዊ መሰላት (ሂዩማን ራይትስ ዎች) ዝተመዝገበ፡ ብ ‘ቅብጸት’ ዝፍለጥ ስጉምቲ ህልቂት ማለት (Genocide)፡ ካብ ምጥቃም ዝተወገዙ ኣጽዋራት ከይተረፈ እዩ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ከም ዘድርበዩ ዝተገብረ። እዚ ኣብ ታሪኽ ዘይሃስስ ኣሰር ዝገደፈ ባርባራውነት፡ ሓቀኛ ሞራላዊ መዐቀኒ ናይቲ ኣስፋሕፋሒ ህርፋን እዩ። ሓደ ካብቶም ንከተማ ምጽዋዕ ሓራ ኣብ ምውጻእ ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ድሕሪ እቲ ደብዳብ ከም ዝበሎ፡ “ነቲ ህዝቢ ካብ ዘድርበ ዝነበረ ቦምባታት ክንከላኸለሉ ኣይከኣልናን፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ቀጻሊ ደብዳብ እናሃለወ ግን ንሕና ዋልታኡ ምዃንና፡ ሞት ድማ ጥቓኡ ከም ዘይትቐርብ ኣባና፡ ኣብ ልዕሊ ደቁ ዝነበሮ እምንቶ ልዑል እዩ ነይሩ፡ ” ክብል ነቲ ዘይመውት መንፈስ ኤርትራውያን ይገልጽ። እዚ ዘይንቕንቕ መንፈስ ድማ እዩ ነቲ ምግዱር ሕልሚ ጸላኢ ዘበርዓኖ።

እቶም ወትሩ ኣብ ልዕሊ እቲ ብጻዕርን ሓያል ያታ መኹተን ዝተደፍኣ ልኡላውነት እናኾደዱ ‘ብልጽግና’ ዝሰብኩ፡ ሓቀኛ ምንጪ ብልጽግና ክርድኡ ኣይክእሉን እዮም። ህዝቢ ኤርትራ ዘብዒ ገማግም ባሕሩ እዩ። ብልጽግናኡ ድማ በቲ ዝተኸፍለ ደም ኣቢሉ ዘውሓሶ ልኡላውነቱ ኣረጋጊጽዎ እዩ። ኩሉ እቲ ካብ ልሳን እቶም፡ “ገቢትና ክንብልጽግ ንኽእል ኢና፡ ” ዝትፋእ ንልኡላውነት ኤርትራ ዘቈናጽብን ዝጻረርን መግለጺ ድማ ንመጻኢ ዘገልግል ራእዩ ዘይኮነ፡ ተሰፋ ኣልቦ መቓልሕ ናይቲ ኣብ ምጽዋዕ ኑብሰ ቅትለት ዝፈጸመ ኣስካሕካሒ ሕሉፍ ክዉንነት እዩ። ስርዓት ሃይለስላሰ ይኹን ደርግ፡ ብጉቦጣ ኤርትራ ኣቢሎም “ብልጽግና ኢትዮጵያ” ክሳልጡ እዮም ኣንቂዶም ተበጊሶም፡ መወዳእታ ዕጫኦም ግን ብተሰፋ ምቝራጽ ዝተሰነየ ጥፍኣትን ህድማን ኮይኑ እዩ ተዛዚሙ።

እዞም ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘለዉ፡ ‘ሰበ-ብልጽግና’፡ ድማ ኣብታ ብኑብሰ ቅትለትን ወተሃደራዊ ውድቀትን ገምጂያ ናብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ዝተደርበየት መንበር ባዶ ዝፋን ዝተጠቕሱ ስርዓታት ኮፍ ክብሉ እዮም ዝፍትኑ ዘለዉ።

ንቀየስቲ ናይዚ ዘመናዊ ረሲ ወለድ ሕማም ምስፍሕፋሕ፡ ዝኸውን ንጹር መልእኽቲ ኣሎ። እቲ ተወጢኑ ዘስርሓሉ ዘሎ ኣጀንዳ ገማግም ባሕሪ ንኢትዮጵያ ዘርብሕ ሃገራዊ ፖሊሲ ኣይኮነን፡ ኣብ መዓልቲ ዓወት ስርሒት ፈንቅል ዝተቐርጸ ምትሃታዊ መሓውር ናይቲ ኢትዮጵያዊ እምብራጦርያ እዩ። ባሕሪ ኤርትራ፡ ንረሲ ወለድ ሕልሚ ኣየሳስን እዩ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝጡሓለ ኣስራዝን ዝተረስዐ ሬሳታት ናይቲ ዝተሳዕረ ሕሉፍ ታሪኽን ብልጽግና ዝመልእ መጻኢ ክህነጽ ድማ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ህሉው ምምጥጣር፡ ምትሃታዊ ምስሊ ናይቲ ሕሉፍ ታሪኽ እዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ክዉንነቱ ክዕቅብን ቀጻልነቱ ከውሕስን ዝኸእለት ዝሃደኖን ናብ ሓመድ ዝመለሶን እዩ።

እቲ ብተለኣኣኽትን ኣሻንጉሊትን ዝስንዘር ዘሎ ትረኻታት ሓድሽ ፍልስፍና ኣይኮነን። መቓልሕ ናይቲ ናብ ባሕሪ ኤርትራ ዝጡሓለ ሕልሚ እዩ። እዚ ድማ ከም ምርራው ታሪኻዊ ዑረት እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ድሮ ዝተቐብረ ታሪኹ ናይ ሎሚ ኩዓቲ መቓብር ክትከውን ምህቃን ናይ ከንቱነት ከንቱ ስለዝኾነ። እቲ ኣብ ልዕሊ ዝኽሪ ተረፍ መግዞኣታዊ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ዘንሳፍፍ ዘሎ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጣዕሚ ናጽነት ኣጸቢቑ የስተማቕሮ ኣሎ፡ ንዝኾነ ገበት ናይ ምምጥጣር ኣእዳው ድማ ክሰብር ወትሩ ንቑሕ ኣሎ።

ከምቲ ገለ ናይ ቋንቋ ኢንግሊዝኛ ጸሓፍቲ ዝበልዎ፡ ከምዚ እንዕዘቦ ዘለና ህውቱት ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜያት፡ በቲ “The Lesson Unlearned” ዝብል ፍልስፍና ኣቢሎም እዮም ዝገልጽዎ። እዚ ማለት ከኣ ነቲ ዘጋጠመካ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ስዕረት ናይ ጉዝእ ርእስኻ ኣፍልጦ ዘይምሃብ/ ምኽሳእ ከም ማለት እዩ። ነዚ ኩነት'ዚ ንምፍዋስ ዝተፈጥረ ስነ-ፍልጠት ከኣ Sharper Metaphorical Reciprocation: ይብሃል። እዚ ማለት ድማ ነቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ ግን ከኣ ምስ ክዉንነት ምግጣም ዝኣበዩ ፖለቲከኛታት ሰልፊ ብልጽግና፡ ምስቲ ዝሓለፈ ታሪኻውን ዝተረጋገጸን ውድቀቶም ብጋህዲ ከም ምርኻብ ማለት እዩ። ኣብ ቅንያት ፈንቅል ድማ እዚ እዩ እቲ ክግበር ዘኸኣልሞ፡ ዓውታ ናይቲ ደወል ስምዕዎ፣ “ስርሒት ፈንቅል ንህንዱድ ጉቦጣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝሰዓረ ተራ ወተሃደራዊ ወፍሪ ጥራይ ኣይኮነን፡ ብሕሱም ሕማም ምስፍሕፋሕ ዝተሰርነቐ፡ ሸሾ ሰራዊትን ገዚፍ ወተሃደራዊ ደገፍ ዝነበሮን ሓያል መንግስቲ ካብ ስሩ ዝበንቈረ ረቂቕን እጹብ ድንቅን ወተሃደራዊ ስርሒት እዩ።” በዚ ድማ እዩ ስርሒት ፈንቅል፡ ዛንታ ሰራሕቲ ታሪኽ ቀዳሞትን ዳሕረዎትን መጻእን ወሎዶታት እዩ ዝበሃል። ዛንታ ሕሉፍን ሎምን፡ ዛንታ ሎምን ጽባሕን እዩ። እቲ ዝነበረን ዘሎን መንፈስ ስርሒት ፈንቅል ድማ ወትሩ ንገማግም ባሕሪ ኤርትራ ከጽልሎ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ካብ ሓዊ ተፈጢሩ ብተፈጥሮ ናብ ቀይሕ-ባሕሪ ዝለገበ ኤርትራዊ መንፈስ ነባሪ ስለዝኾነ።

# ካብ ዘባታት

መብራህቶም ገብረሂወት
ህ/ር/ሚ/ሕርሻ ጋሽ-ባርካ

## ሓመድ ናይ ቀረባ ዘመድ

ሓመድ ብናይ ሓባር ህላወ ሂወታውያንን ዘይሂወታውያንን ነገራት ይቖውም። እቶም ሂወታውያን ነገራት (organic) እንብሎም ካብ ደቀቕቲ ታህዋስያን ክሳብ ዝመሽመሸ ኣካላት ኣትክልትን እንስሳታትን ዝርከቡ ነገራት ይሓቑፉ። ዘይሂወታውያን ነገራት (Inorganic) ተባሂሎም ዝፍለጡ ድማ ብክሊማዊ ድፍኢታት ወይ ድርኺታት ብማይን ንፋስን ካልኦት መስርሓትን ካብ ኣኻውሕ ተሰባቢሮም ወይ ተዳቒቖም ሓመድ የቑሙ። ኣብ ትሕተ-ባይታ ተነጺፉ ዝርከብ ተሪር ከውሒ (Solid bedrock) ተሰባቢሩ ወይ ቆንቍኑ 'ሓመድ' ንክቐውም ኣሽሓት ዓመታት ይወስድ። ምቛም ሓመድ ቀጻልን ነዊሕን መስርሕ ኮይኑ፡ ከምቲ ዝተገልጸ ብድርኺታት ብፊዚካዊ፡ ከሚካውን ስነ-ሂወታውን መስርሓት ብዘገምታዊ ምድቓቕን ምትሕውዋስን ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት 'ሓመድ' ዝብሎ ኣሰራርዓን ቅርጽን ክሕዝ ይኽእል።

ጸጋ ሓመድ እተፈላለዩ ማዕድናት የጠቓልል። እቶም ማዕድናት ኣብ ዕብየትን ፍርያምነትን ተኽሊ ወሳኒን ሓጋዚን ተራ ኣለዎም። ስለ ዝኾነ ሓመድ ኣብ ቀጻልነት ህላወ ፍጡራት ማለት ኣትክልቲ፡ እንስሳታት፡ ደቂ-ሰብ፡ ብዘለዎ ልዑል እጃም፡ ኣገደስነቱን ኣድላይነቱን ኣዝዩ ዕዙዝ ኮይኑ ይርከብ።

ደቂ-ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ንኽነብሩ ኦክስጅን የድልዮም። ኦክስጅን፡ ማይን መግብን ክርከቡ ግና ኣትክልቲ ክልምዑ ናይ ግድን ይኸውን። ልምዓት ኣትክልቲ ክከናወን ከኣ 'ሓመድ' የድሊ። ብኻልእ መዳይ ምግብኡ ደቂ-ሰብ ኣብ እንስሳታት ይምርኮስ፡ እንስሳታት ንኽነብሩ መግቦም ካብ ኣትክልቲ ይረኽብዎ። በዚ ተፈጥሮኣዊ ምምልላእ ወይ ምትእስሳር እምበኣር ሓመድ፡ ኣትክልቲን እንስሳታትን - እንተላይ ደቂ-ሰብ፡ ኣካል ናይ ሰንሰለት መግቢ (food chain) ኮይኖም ንረኽቦም። ንኣብነት፡ ኣብ ምግብኡ ዝረኣይ መስርሕ ሰንሰለት መግቢ ናይ ሓመድ-ሳዕሪ-በጊዕ-ሰብ ምጥቃስ ይከኣል። በዚ ስነ-ፍልጠታዊ ሓቅታት ሓመድ-ተኽሊ-እንስሳ-ሰብ ሰንሰለት መግቢ ፈጢሮም ንረኽቦም።

ዝምድናታት ሓመድ፡ ኣትክልቲን እንስሳታትን ከም ዘመልክቶ፡ ዝበዝሑ ጠለባት ናይ ሂወት ካብ ሓመድ ይርከቡ ወይ ይምንጭዉ። ሂወት ዘይብሎም ነገራት እውን እንተ ኾኑ ብሓመድ ተጠሚሮምን ተሓቝፎምን ይርከቡ። ኩሎም ሂወታውያን ካብ ሓመድ ዝቐርብ ዘመድ የብሎምን። ብሓመድ ይነብሩ፡ ብሓመድ ይቕበሩ። ኣብ ሕብረተ-ሰብና "ሓመድ፡ እንተ'ሎኻ ቀለብካ እንተ ሞትካ ክዳንካ" ዝብል ምስላ ንረክብ። ኣትክልቲ እውን እንተ ኾኑ ተቐቢሮም እዮም ዝበቝሉ። እዚ ሃብታም ምስላ ዘብርሃልና እንተ'ሎ፡ ሕብረተ-ሰብና ኣብ ኣገዳስነት 'ጸጋ ሓመድ' ዘለዎ ግንዛበ ምዕቡል ምኳኑ ዘመልክት እዩ።



ማዕረ ማዕረ እዚ ኣብ ጥቕምን ረብሓታትን ሓመድ ዘሎ ስልጡን መንቋሕቋሕታ ሓመድና ከይህሰይን ከይሸርሸርን ዕቱብ ጻዕርታት ከምዝድሊ ኣይስሓትን። ከመይ'ሲ ላዕለዋይ ክፋል ሓመድ ብሰሪ ዝወርዶ ሃሰያታት ብማይን ንፋስን ተጸሪጉ ምስ ዝኸይድ፡ መሬት ይደክይ ፍርያምነቱ ድማ ይንክይ። ንምብሕጓግ ሓመድ ወይ ፍግረ መሬት ዘጋልጹ ቀንዲ ዝጥቀሱ መበገሲታት ወይ ረቛሒታት እዞም ዝስዕቡ ይጥቀሱ፦

1. ቅርጺ መሬት፦ ጸዳፍ ወይ ሲያፍ ሰንጭሮታትን ኩርባታት ኣብ እዋን ዝናብ ውሕጅ ብናህሪ ስለ ዘውሕጆ መሬት ይብሕጎግ፡ ኣብ ጉቦታትን ጎላጉልን ዝርከቡ ሓመድን ማዕድናትን (ናይትሮጂን፡ ፎስፎረስ፡ ፖታሽዩም...) ብማይ ተሸርሺሮምን ተሓጺቦምን ይጽረጉ።

2. ብርሰት ኣግራብ፦ ብሰንኪ ብርሰት ኣግራብ ዕርቃን መሬት የጋጥም። መሬት ሸፋን ስለ ዘስእን ከምኡ'ውን ሓመድ ጨቢጡ ዝሕዞ ሰራውር ስለዘይረክብ ኣደዳ ምሽርሻርን ምብሕጓጉን ይኸውን።

3. ልዕለ-ምግሃጽ፦ እንስሳታት ኣብ ሓደ ውሱን ናይ መገሃጫ ቦታ ልዕሊ ዓቕን ብዝሒ ምስ ዝህልወን ሓመድ ዓጸኽዲኽ ኢሉ ብማይን ንፋስን ንዝፍጠር ፍግረ-መሬት ይቃላዕ።

ንፍግረ መሬት ዝቃልዐ ኩሎም ጠንቅታት መበገሲኦም ባህሪ ጥራይ'ዩ ንምባል ኣየድፍርን። ምትእትታው ወይ ጣልቃ ወዲ-ሰብ እውን ዝዓበየ ስግኣት ምሽርሻርን ምድኻይን መሬት ኮይኑ ይርከብ። እቲ ምንታይ'ሲ መሬት ዝከበሮ ሸፋን ኣግራብ ብሰንኪ ብርሰት ምስ ዝቐንጠጥ፡ ብተዘዋዋሪ እንተላይ ደቂ-ሰብ ጠንቂ ምሽርሻር መሬትን ምድኻይ ሓመድን ይኾኑ ኣለዉ ማለት እዩ። ከቢድ ሃሰያታት ናይ ሓመድ ናብ ምድረ-ብዳነትን ዝንበዐ ክሊማዊ ኩነታትን ዝቃልዕ ሓደገኛ ክስተት ምኳኑ ምውካእ ኣገዳሲ ይመስል።

ሕጽረት ዝናብ ወይ ዋሕዲ ጠሊ ዘጋጥም፡ ኣብ ልዕሊ ሓመድ ብዝወርድ ሃሰያታት ወይ ሽለልትነት ዝቖልቀል ስክፍታ ምኳኑ ምዝኽኻር እውን ኣድላዪ እዩ። ሓረስቶት ሃገርና ካብ ነዊሕ እዋን "ስኣን ሓንቲ ማይ..." ክብሉ ይሰምዑ እዮም። ብሰንኪ ስእነት ሓንቲ ማይ ናይ ዝናብ፡ ኣብ ምዝዛም ኣዋርሕ ወቕቲ ክረምቲ ማይ ምስ ዘቋርጽ፡ ዘራእቲ ኣብ ደረጃ ፍርያት ከይበጽሑ ይኹለፉ። በዚ ሰር ዝሰደደ ተደጋጋሚ ተርእዮታት ዝነቐለ ሻቕሎት "ስኣን ሓንቲ ማይ" ዝብል ሓረግ ከዘውትሩ ክኢሎም።

ቀዲሙ ከም እተገልጸ ሓመድ ኣደራዕ ዝወርዶም ጎቦታትን ጎላጉልን ሸፋኖም ተቐንጢጡ ዕርቃኖም ምስ ዝወጽእ ወይ ብዘይ ቅጥዒ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕሉ እዩ። ፍግረ-መሬት ቅርጺ መሬትን ሓመድን ይቕይር ወይ የበላሹ። ምቕንጣጥ ላዕለዋይ ቀጸላ ሓመድ ከምኡ ድማ ምብሕጓግ ማእከላይ ክፋል ሓመድ፡ ምሽርሻርን ምጽራግን ዝጠንቁ ኣብ ሰንጭሮታትን ጎላጉልን ተነጺፉ ዝርከብ ሓመድ የዕርቕ ወይ የጥፍእ። ከም ሳዕቤኑ ካብ ማይ-ክያታት ዝፈስሱ ውሕጅ፡ ኣብ ሰንጭሮታትን ጎላጉልን፡ ገፋሕቲን ዕሙቕ ዝበሉ ጉርዕታትን ቀራታትን ክፍጠሩ ይኽእሉ። በዚ ምኽንያት እዚ ሓመድ ከምቲ ዝድለ ማይ ከዕቍርን ጠሊ ክዕቅብን ኣይክእልን። ብዙግባእ ዝተዓቀበ መሬት ከምኡ'ውን ከም'ቲ ዝድለ ዝተመሓየሸን ዝሃብተመን ሓመድ ግና ዝኣክል ጠሊ ስለ ዝዕቅብ ኣብ ዋሕዲ ወይ ሕጽረት ዝናብ ዘራእቲ ኣብ ደረጃ ምእኻል ወይ ፍርያት ኩብጽሖም ይኽእል።

ፍግረ-መሬትን ምሽርሻር ሓመድን ካብ ዝከኣሰ ናብ ዝበኣሰ ከየስፋሕፍሕ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሰፊሑ ክካየድ የድሊ። ሓመድ ቅርጹ ክሕለውን ትሕዝቶኡ ክዕቅብን ጽሑፋት ይሕብሩ። ብተወሳኺ ማይ ርብዒ ሚእታዊ ካብ ኩብደት ናይ ሓመድ የጠቓልል።

ሓመድ ቅርጺ ክሕዝን ጠሊ ክዕቅብን ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ 'ሓመድ' ማዕድናት ክባጻሕን ክወሃሃድን ማይ ኣዝዩ ወሳኒ እጃም ኣለዎ። ሓመድ ጨዋምነት ከየጥቅዖ፡ ንክይደክይን ፍርያም-ኣልቦ ከይከውንን ማይ ዝለዓለ ተራ ይጻወት። ማዕድናት ሓመድ ብሰራውር ናብ ተኽሊ ከም ዝበጽሕ ወይ ከም ዝምጽ'ውን ይገብር። ስለዚ ሓመድን ማይን መሳንይቲ ስለ ዝኾኑ፡ ማዕረ ማዕረ ምዕቃብ ሓመድ፡ ምዕቃብ ማይ'ውን ብዕቱብ ክስራሓሉ ዘድሊ ኣገዳሲ ዕማም ኮይኑ ንረኽቦ።

ቀዲሙ ከም እተጠቕሰ ሓመድ ንክቐውም ኣሽሓት ዓመታት ከም ዘድልዮ፣ ከምኡ ድማ ብቐሊሉ ክርኩብ



ብቐጻሊ ክመሓየሽን ክሕደስን የድሊ። ብምኳኑ ፍርያምነቱ ዝተመሓየሸ ሓመድ ልዑል ውጽኢት ክርከቦ ከም ዝኽእል ኣይዘንጋዕን።

ማዕድናት ሓመድ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ፍግረ-መሬት ወይ ምሽርሻር ጥራይ ኣይኮኑን ዝደኽዩ። ማዕድናት ሓመድ ብኣታኽልቲ ተመጺዮም ወይ ተሳሒቦም ይሃልኩ እዮም። ብምኳኑ ሓመድ ፍርያምነቱ ወይ ትሕዝቶኡ ከይጎድል ምእንቲ ብውሕሉል ኣገባብ ክተሓዝን ዝድለ ክንክን ክግበረሉን ብብእዋኑ ከም ክመሓየሽን ይግባእ። ጸጋ ማይ'ውን ልክዕ ከም ጸጋ ሓመድ ናብዮትን ሕብሐባን እንተ ተገይሩሉ ባህርያዊ ሃብቲ ኣብ ምዕቃብን ብዝሐ-ህያውያን ኣብ ምስሳንን ልዑል እጃም ኣለዎ። ሓድሕድ ዘይነጻጸሉ 'ማይን ሓመድን ኢድን መዲድን' እዮም ክንብል ንኽእል።

ማይ ብኽልተ ኣቶማት ናይትሮጂንን ሓደ ኣቶም ኦክስጅንን (H2O) ዝቖመ እዩ። ማይ ኣብ ዓለም ግኑን (prominent) ኮይኑ፡ ኣብ መስርሕ ልዑል መልሰ-ተግባራዊ ባህሪ (highly reacting behavior) ጠባይ ይውንን። ኣድማሳዊ ኣሕቓቒ (universal solvent) እናተባህለ'ውን ይጽዋዕ። ማይ ንኣየርን መግብን ስዒቡ ኣብ ዓለም ብኣገዳስነቱ መበል ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዑ ይርከብ። ማይ ሓደ ካብ ቀንዲ ንሓመድ ዘቑሙ ነገራት ምኳኑ ዘይክእል፡ ነዊሕ መስርሕ ሓሊፉ ሓመድ ዝብሎ ደረጃ (ፍርያምነት) ከም ዝበጽሕ ተመልኪትና። እዚ ከኣ ኣብ ኢድና ዘሎ ሓመድ ብኣዝዩ ውሕሉል ኣገባብ ክንሕዞ ከም ዝግባእ ዘመልክት'ዩ። ሓመድ ንብረት (ዋንነት) ናይ ወለዶታት ምኳኑ ብምዝካር፡ ንሓዋሩ ብምዕቃብን ትሕዝቶኡ ብምህብታምን መሬትና እኹል ጠሊ ወይ ራሕሲ ከም ዝዕቅብ ኣብ ምግባር ብዘይምሕላል ምስራሕ የድሊ።

ንምጥቕላል፡ ሓመድ ምስ ሂወታውያን ጥቡቕ ምትእስሳር ስለዘለዎ 'ናይ ቀረባ ዘመድ' ክንብሎ ንኽእል ኢና። ክንዲ ዝኾነ ውቁብን ውሑሱን ኣከባቢ ንምውናን፡ ኣብ ንጥፈታት ናብዮት ማይን ሓመድን ምስኣቶም ዝተኣሳሰሩ ነገራትን ብምድሃብ፡ ዛጊት ዓሚምናዮም ብዘለና ኣተባባዕቲ ስርሓት ከይተዛናዕ ንቕድሚት ብምጥማት ዘለና መልክዐ-መሬትና ከነመሓይሸን ብዝሐ-ህያውያን (biodiversity) ክንዕቅብን ይግባእ። እዚ ዕማም እዚ ድማ ኩሉንትናዊ ውጽኢት ንምርካብ ዘብቅዕ እዩ። ኣውራ ድማ ግቡእ ዕቃብ ባህርያዊ ሃብቲ ምኽያድ ኣድማዕነቱ ብመንጽር ጽላት ሕርሻ እንተ ጠሚትናዮ ኣብ ምርግጋጽ 'ርእሰ-ምርኮሳ' ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ረብሓን ጥቕምን ኣለዎ ንምግማቱ ኣየጸግምን።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ኣኽትምህር ምምሃር

### ንምንታይ ንምሃር፧

ንምንታይ ንምሃር፧

ንፍልጠት፧ ወለድና ንምሕጓስ፧ ኣብ ሕብረተሰብ ክብሪ ንምርካብ፧ ሽቕለት ንምርካብ፧ ንገንዘብ፧



ትምህርቲ፡ ፍልጠት፡ ክእለትን ናይ ባህሪ ለውጥን ከዕብየልና ዝኽእል መስርሕ እዩ። ናብ ቤት ትምህርቲ ከይድና ቋንቋ፡ ቍጽሪ፡ ስነ ፍልጠት፡ ታሪኽ፡ ወዘተ ንምሃር። እቲ ቤት ትምህርቲ ከይድና እንምሃሮ ዝዓበየ ምህሮ ግን ‘ከመይ ገይርና ንምሃር’ እዩ። መዓልታዊ ዘጓንፈና ብድሆ ብመረዳእታ ንኽንፈትሖ፡ ፍልጠት፡ ጥበብን ባህርያትን ንምሃር። ክንምሃር እንተ ዘይንኽእል እንታይ ምኾንና፧ ትምህርቲ፡ ልክዕ ከም ማይ፡ መግቢ፡ ኣየርን መጽለልን መሰረታዊ ጠለብ ደቂ ሰብ እዩ። መግቢ ስለ ዝፈተና ዘይኮነ፡ ንኽንነብር መሰረታዊ ረቛሒ ስለዝኾነ ኢና እንምገብ፣ ንትምህርቲ ከኣ ብተመሳሳሊ። ትርጉምን ኣገዳስነትን ትምህርቲ፡ ኪንዮ እቲ ንሕና እንሓስቦ ናይ ሓጺር እዋን ሓሳብ ዝኸይድ፡ ሰፊሕን ዓሚቝን እዩ። ትምህርቲ ዝቐርበልና ፍልጠት፥ ካብ ድንቍርና ኣናጊፉ ናብ ዝሓሸ ቅዲ ኣነባብራ ክንሰጋገር ይሕግዘ፣ ዝተፈላለየ ጥበብን ሞያን ዓጢቕና ናይ ሸቕለት ዕድላት ክንረክብ የኽእል፣ ብቑጠባ ርእስና ክንክእል ይሕግዝ፣ ናይ ባህሪ ለውጢ ብምግባር፡ ስልጡናት ሕብረተሰብ ክንከውን የኽእል።

ትምህርቲ፡ ህይወትና ክንቅይር እነካይዶ መስርሕ ዋላ’ኳ ይኹን፡ ኣብ ኣገባብ ግን ካብ ንሓድሕድና ክንፈላለ ንኽእል ኢና። ኩሉ ሰብ ብሓደ ዓይነት ኣገባብ ኣይምሃርን እዩ። ገለ ሰብ ብኣብነት ክምሃር ይኽእል፣ ገለ ከኣ ብምስማዕ ይምሃር። ኣብ ሓደ ስድራቤት፡ ናይ መስተ ወልፊ ዝነበሮ ኣቦ ነበረ። እቲ ኣቦ ክልተ ደቂ ነበሩዎ። ምሸት ምሸት ሰኺሩ ንገዛኡ ክኣቱን ንኣደኦም ከሸግራን ይርእዩዎ ነበሩ። እዞም ክልተ ቈልዑ ዓብዮም፣ እቲ ሓደ ብስነ ምግባር ኣብነታዊ ኮይኑ፡ ብዓውዲ ሕክምና ተመሪቑ፡ ሓኪም ኮነ። እቲ ሓዉ ግን ከም ኣቦኡ ናይ መስተ ውሉፍ ኮይኑ፡ ዝኾነ ሞያ ኣየጥረየን። ክልተኦም ብኸመይ ኣብቲ ደረጃ በጺሖም ምስ ተሓተቱ፥ እቲ ወልፊ መስተ ዝነበሮ እሞ ኣይ-ካብ ትምህርቲ ኣይ-ካብ ሞያ ዝተረፈ፡ “ኣቦይ ሰታይን መዕገርገርን ስለ ዝነበረ፡ ከምኡ ክኸውን ጸልዩኒ።” በለ፣ እቲ ብስነ ምግባሩ ምስጉን ዝኾነ ዶክተር ሓዉ ከኣ፡ “ኣቦይ ሰታይን መዕግርገርን ስለ ዝነበረ፡ ከምኡ ከይከውንን ህይወተይ ከይዘርግን ጸልዩኒ።” በለ። ክልተኦም ንተመሳሳሊ ኲነታት ተቓሊዖም እንክነሶም፡ ዝተማህሩዎ ትምህርቲ ግን ነንበይኑ እዩ። ስለዚ፡ እንምሃረሉ ኣገባብን እንምሃሮ ትምህርትን ኣብ ውልቃዊ ንቕሓትናን ጻዕርናን እዩ ዝምርኰስ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ከባቢና ካብ ዘሎ ኩሉ ነገር ክንምሃር ዝሕግዝ ረቛሒታት ኣሎ። እዚ ረቛሒታት ከኣ፥

#### ኑብሰ ምፍላጥ

ኑብሰ ምፍላጥ፡ ዘሎና ሓያልን ድኹምን ጐድኒ፡ ጸጋ፡ ብድሆ፡ ዕላማ፡ ባህጊ፡ ተውህቦ፡ ወዘተ ምፍላጥ የጠቓልል። ዘሎና ሓያልን ድኹምን ጐድኒ ምፍላጥ፡ ክንተኣማመነሉ እንኽእል ብቕዓትትን ተወሳኺ ጻዕሪ ዘድልዮ ሸነኽናን ከነለሊ ይሕግዘ። ዕላማ ምንጻር ንጉዕዞና ዘያዳ ኣንፈት ብምሃብ፡ ጸጋታትና ኣብ ዝግባእ መዓላ ከነውፍር ይሕግዝ። ተወህቦና ምስ እነለሊ ከኣ ጉዕዞና እንደልዮ ውጽኢት ጥራይ ዘይኮነ፡ ዕግበት’ውን ክንረኽበሉ ይሕግዝ። ብሓፈሻ ኑብሰ ምፍላጥ፡ ንኣና ዝዕቅንን ናብ ዘደለናዮ ደረጃ ክንበጽሕ ዝሕግዝን ሜላታት ኣመሃህራ ክንሃንጽ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ።

#### ምሕደራ ግዜ

ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ክንምሃሮ ዘድሊ ምህሮ፡ ምሕደራ ግዜ እዩ። ርእስና ብግቡእ ምስ ፈለጥና ክንገብሮ እንደሊ ብመንጽር ዘሎና ግዜ ቀዳምነታት ክንሰርዕን ብግዜ ክንቅየድን የኽእል። እዚ ክልተ ሜላታት ተደማሚሩ ከኣ ኑብሰ ምልኪ ወይ ዲሲፕሊን ከነዕቢ ይሕግዝ። ዕላማና ብንጹር ፈሊጥና እንክነስና፡ ግዜና ግን ብግቡእ ዘይነመሓድሮ ምስ እንኸውን፡ ኣብ ዝደለናዮ ክንበጽሕ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ መንጎ ንፉዕ ተመሃራይን ሕማቕ ተመሃራይን ዘሎ ፍልልይ ምስ ብዝሒ ሰዓታት ናይ መጽናዕቲ ዘይኮነ፡ ምስ ኣጠቓቕማ ግዜ ዝተኣሳሰር እዩ። ግዜ ንኹሉ ፍጡር ብማዕረ ዝወሃብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ እዩ። እቲ ግዜኡ ብግቡእ ከመሓድር ዝተማህረ ግን ዝያዳ ካልእ እወታዊ ውጽኢት ዘሎዎ ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል።

#### ኣድህቦ

ክልተ ተመሃሮ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ኣጽኒዖም እንከንሶም፡ ዝተፈላለየ ውጽኢት ከምጽኡ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ፍልልይ ካብ ዝጸሉ ረቛሒ ሓደ፡ ‘ኣድህቦ’ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣድህቦ ናይ ምምሕዳር ክእለት፡ ልክዕ ከም ካልእ ጥበባት ህይወት ንምሃሮ ኢና። ዋላ ደኣ ኩሉ ምሉእ ጥዕና ኣእምሮ ዘውንን ተመሃራይ ከድህብ ዝኽእል እንተኾነ፡ ደረጃታት ናይ ኣድህቦ ግን ይፈላለ እዩ። ገለ ተመሃሮ ዝተፈራረቐ ኣድህቦ ኣሎዎም፣ ገለ ከኣ ምሉእ ኣድህቦ ክገብሩ ይኽእሉ። መጠን ኣድህቦን ናይ ምዝካር ክእለትን ቀጥታዊ ዝምድና ኣሎዎ። ኣብዚ መስርሕ ቀልጢፉ ተረዲኡና ዘይኮነ፡ ማዕረ ክንደይ ተረዲኡና እዩ ዘገድስ። ኣድህቦ፡ ቅድሚ ምርሳዕና፡ ዝኣክል ሓበሬታ ክምዝገብን ክዝከርን እዩ ዝሕግዝ። ናይ ምዝካር ሓይሊ ከኣ ምስ ምምሃር ሓያልን ቀጥታውን ዝምድና ኣሎዎ። ኣድህቦ እንምሃሮ ክእለት ኮይኑ፡ ዝያዳ ክንምሃር ዝሕግዝ ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ። ሓንጐል ሰብ ብደጋዊ ጽልዋ ብቐሊሉ ዝጽሎ ስለዝኾነ፡ ነዚ ጽልዋታት’ዚ ተጻዊሩ ሓንጐልና ዘድልዮ ሓበሬታ ብኣድህቦ ክእክብ ስልጠና የድልዮ። እዚ ክእለት ምስ ኣዕበና ከኣ ብዘይ ጸገም ክንምሃር ንኽእል።

#### ሜላ ኣጸናንዓ

ምምሃር ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድን ዕዮ ገዛ ወይ ዕዮ ክፍሊ ምስራሕ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ዓንኬል ምምሃር ኣርባዕተ ክፋላት ኣለዎ፣ 1- ብዛዕባ ኣብ ክፍሊ እንምሃሮ ዛዕባ ኣቐዲምና ምፍታሽ፣ 2- ኣብ ክፍሊ ምምሃር፣ 3- ኣብ ክፍሊ ዝተምሃርናዮ ምድጋምም 4- ሕቶታትን ፈተናን ምምላስ። እዚ ዓንኬል ናይ ምምሃር፡ ኣብ ሓጺር ግዜን ብውሑድ መጠን ጻቕጥን ብዙሕ ምህሮ ክንቀስም ይሕግዝ። ዝተፈላለዩ ተመሃሮ፡ ዝተፈላላየ ቅዲ ኣጸናንዓ ይጥቀሙ። እንጥቀመሉ ቅዲ ኣጸናንዓ ምስ ክንምሃሮ እንደሊ ዓይነት ትምህርትን ዘሎና ጸጋታትን ክፈላለይ ይኽእል። እንጥቀመሉ ሜላ ኣጸናንዓ፡ ምስ ዘሎና ባህርን ተውህቦን ምውህሃድ’ውን ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ስምዒት፡ ልምድን ካልእን ንምምሃር ክጸሉ ስለ ዝኽእል።

#### ማህደረ-ቓላት

ኣብ ዋተርሎ ዝብሃል ዩኒቨርሲቲ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ቋንቋታት - እንግሊዘኛን ቻይናን - መጽናዕቲ ተኻይዱ። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ ተመሃሮ ብዛዕባ ኑብሶም ብቛንቋ እንግሊዘኛን ቻይናን ክገልጹ ተሓቢሩ። ተመሃሮ፡ ከምቲ ዝተባህሉዎ ብኽልተኡ ቋንቋ ገይሮም ኑብሶም ገለጹ። እንተኾነ፡ እቲ ውጽኢት ፍልልይ ዘሎዎ ኮይኑ ተረኺበ። ኣብቲ ብቛንቋ እንግሊዘኛ ዝተጠቐሙሉ መግለጺ፡ ብዛዕባ ኑብሶም እወታዊ መግለጺ ጥራይ ሂቦም። ኣብቲ ብቛንቋ ቻይና ዝተጠቐሙሉ ግን ክልቲኡ ማለት እወታውን ኣሉታውን ሸንኻት ኑብሶም ገለጹ። እቲ ምኽንያት ክልቲኡ ቋንቋታት ክልተ ዝተፈላለየ ኣገባባት ኣተሓሳስባ ስለ ዘንጸባርቕ’ዩ። ማህደረ-ቓላት ቋንቋ እንግሊዘኛ፡ ኣብ ውልቃዊ ስምዒታት ኣመና ይጸቅጥ፣ ቋንቋ ቻይና ግን ሓይሉ ኣብ ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ወይ ርትዒ እዩ ዝጸቅጥ። ቋንቋ፡ ንሓሳብና ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ብልሒ ኣእምሮና እውን እወታዊ ዝምድና ኣሎዎ። ዝበዝሐ ማህደረ-ቓላት ዝሃልወና፡ ዝሰፍሐ ናይ ምርዳእን ምምሃርን ክእለት ከነጥሪ ይሕግዘና።

#### ንጡፍ ንባብ

ምንባብ፥ ፊደላት ምልላይ፡ ኣደማምጻ፡ ኣበሃህላን ትምብህታን ምፍላጥ፡ ማህደረ-ቓላት ምዕባይ፡ ትርጉም ምርዳእ፡ ምልከት ቋንቋ፡ ድርኺትን ካልእ ረቛሒታትን ዘጠቓልል መስርሕ እዩ። እናተጻወትና ወይ እናጐየና ድቃስ ይመጽኣናዶ? እናኣንበብናኸ? ምንባብ ልኡም ንጥፈት ዝመስለና ሰባት ኣይንሰኣንን ኢና። ምንባብ ግን ንኣእምሮና ካብ ምጉያይ ንላዕሊ ከንቀሳቕሶን ከንቅሖን ዝኽእል ንጥፈት እዩ። ንመስርሕ ምንባብ ንጡፍ ክገብሮ ዝኽእል ተወሳኺ ንጥፈት ክንውስኸሉ ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ ደስ ዝበለና ክፋል ናይቲ መጽሓፍ ምጽሓፍ፡ ኣቐዲምና ሕቶታት ብምውጻእ ካብ ምንባብና ክንምልስ ምፍታን፡ ምንባብ ምስ ወዳእና ሓፈሻዊ መረዳእታና ብናትና ሓሳባት ምጽሓፍ፡ ወዘተ።

#### ንጡፍ ምጽሓፍ

ምጽሓፍ ኪንዮ’ቲ ናይ ምጽሓፍ ክእለትና ዘዕቢ ምኻኑ፡ ናይ ምትንታን፡ ኣድህቦን ንጡፍ ተሳትፎን ከውሕስ ይኽእል። ምጽሓፍ፡ ካብ ምዝራብ ንላዕሊ ስርዓት ስለ ዘኽትል፡ ሓሳባትና ብውዱብን ንጹርን ኣገባብ ክንገልጽ ይሕግዝ። ዘሎና ፍልጠት ክንጽሕፎ ምስ እንፍትን፡ ውዱብ ዝኾነ ምህሮ ክህሉወና ይሕግዝ። እዚ ከኣ ናይ ምትእስሳርን ምዝካርን ክእለትና ብእወታ ክጸሉዎ ይኽእል። ጽሑፍ ማህደረ-ቓላትን ሰዋሱውን ከነዕቢ ስለ ዝሕግዝ ተወሳኺ ክእለት ንኸነዕቢ ዓቢ ተራ ኣሎዎ።

#### ናይ ምስማዕን መዘኻኸሪ ምጽሓፍን ክእለት

ናይ ምስማዕ ክእለትን ካብቲ እንሰምዖ ኣስተምህሮ ዘገድስ ሓበሬታ መዘኻኸሪ (ኖት) ናይ ምጽሓፍን ክእለትን፡ ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ክልተ ኣገዳሲ ጥበብ እዩ። ናይ ምስማዕ ክእለትና ብመጠን ኣድህቦ፡ ናይ ቋንቋ ክእለትናን ካልእ ደጋዊ ጽልዋን ክድረት ይኽእል እዩ። ነዚ በዲህና ሓያል ዝኾነ ናይ ምስማዕ ክእለት ኣዕቢና፡ ዘድሊ መዘኻኸሪ ክንጽሕፍ ምስ ዘይንኽእል፡ ዝሓዝናዮ ሓበሬታ ክርሳዕ ልዑል ተኽእሎ ኣሎዎ። ስለዚ፡ እዚ ክልተ ጥበባት ተነጻጺሉ ዘይከይድ እዩ። ሰባት ብተፈጥሮና ረሳዕቲ ስለዝኾንና፡ ንሓንጐልና ተኣማሚና ክንጓዓዝ ኣይግባእን። ንኹሉ ዝሰማዕናዮ ሓበሬታ መዘኻኸሪ ክንጽሕ’ውን ኣይንኽእልን። ስለዚ፡ ካብቲ ዝሰማዕናዮ ሓበሬታ እቲ ዘገድስ ጥራይ ምሕራይን ምጽሓፍን’ውን ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ጥበብ ዘድልዮ መስርሕ እዩ።

#### ፈተና ናይ ምውሳድ ክእለት

ፈተና ንፍልጠትና ዝግምግም ናይ መምዘኒ ኣገባብ እዩ። ኣብ ፈተና ግን ኣብ ወረቐት ዝተጻሕፈ ሕቶታት ምምላስ ጥራይ ኣይኮነን። ፈተና ናይ ምውሳድ ሜላታት፥ ምሕደራ ኣድህቦ፡ ምሕደራ ስምዒት፡ ምሕደራ ግዜን ካልእ ኣገደስቲ ጥበባትን የጠቓልል። ሜላ ኣጸናንዓን ቅድመ ምድላውን፡ ነቲ ኣብ ግዜ ፈተና ዝሰምዓና ወጥሪ ክቕንስ ይኽእል። ኣብ ግዜ ፈተና ካብ ካልእ እዋናት ጽዑቕ ዝኾነ ምድላዋት ንገብር ኢና። ንሜላ ኣወሳስዳ ፈተና ዝሕግዝ ብዙሕ ጽሑፋት ኣሎ፣ ዝያዳ ኩሉ ግን ብብዝሒ ፈተና ካብ ምውሳድ ከነማዕብሎ ይከኣል።

#### ምልኪ ወይ ዓሚቝ ኣፍልጦን ክእለትን

ትምህርቲ ንኣእምሮና ሓበሬታ ብምሃብ ጥራይ ዝካየድ መስርሕ ኣይኮነን። እቲ ናብ ኣእምሮና ዝኣቱ ሓበሬታ ተመስሪሑ፡ ምስቲ ኣብ ኣእምሮና ዘሎ ካልእ ሓበሬታ ተወሃሂዱ፡ ካብ ኣእምሮና ወጺኡ፡ ንብድሆታትና ክፈትሕ እንክሎ’ዩ ቍምነገር ዝርከቦ። ዝኣከብናዮ ፍልጠትን ተመኩሮን ምስ ህይወትና ከነወሃህዶ ምስ ዘይንኽእል፡ ኣብ ጥቕሚ ስለ ዘይውዓል፡ ቀልጢፉ ክጠፍእ ይኽእል። እቲ ምስ ህይወትና ከነወሃህዶ ዝኸኣልና ፍልጠትን ተመኩሮን ግን ናብ ግብሪ ክቕየር ይኽእል። ኣብ ባይታ ምስ ተተግበረ ከኣ ናትና ይኸውን። ኣብ ዓለም ማእለያ ዘይብሉ ትምህርቲ ኣሎ፣ እቲ ኣብ ህይወትናን ኣከባቢናን ዝጠቕም፡ ናትና እንብሎ፡ እቲ ግብራዊ ውጽኢት ዘምጽእ እዩ። ነዚ ክንገብር ከኣ ብተደጋጋሚ ኣብ ግብሪ ክንፍትኖ የድሊ። ካብ ምሒር ምድግጋም፡ ተደጋጋሚ ትምህርትን ተመኩሮን ከኣ ምልኪ ከነጥሪ፡ ዝቐለለ ኣገባብ ምፍታሕ ግድላትን ምንባርን ከነዕቢ ንኽእል።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ፊፋ ንኣሰልጠንቲ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ




ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ከም መቐጸልታ ናይቲ ንምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት፡ ምስ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኲዕሶ እግሪ ዓለም 'ፊፋ' ብምትሕብባር ኣብ ስራሓት ምልላይ ተውህቦን ምምልማል ተኻእቲ ተጻወትቲን ናይ ዝጥዓሉ ኣሰልጠንቲ ዓውደ-ዘተ (FIFA Talent Identification workshop) የካይድ ኣሎ።

ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተወከሉ ካብ ክልተኡ ጾታ 42 ሰልጠንቲ ዝሳተፉሉ ዘለዉ ዓውደ-ዘተ፡ ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ብርሃነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ ኣካል ናይቲ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ልምዓት መደባት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዕላማኡ ስርዓትን መሳልል ዝሓለወ ምልመላን ኣተኣላልያን ተኻእቲ ተጻወትቲ (Player pathway) ንምትእትታውን ደረጃ ብደረጃ ኣካዳሚ ኲዕሶ እግሪ ንምምስራትን ዝዓለመ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ነቲ ዝወሃብ መደብ ብልዑል ኣድህቦ ክከታተልዎ ተላብዩ።

ካብ ፊፋ ዝመጸ ላዕለዋይ ክኢላ ህንዳዊ ኣብሂሸክ ያዳቭ፡ ብኢንስትራክተራት ክፍሊ ቴክኒክ ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ተመሪሑ ብክልሰ-ሓሳብ ግብርን ዝወሃብ መደብ፡ ክንዮ ምምዕባል ቴክኒካዊ ዓቕሚ ሰልጠንቲ ኣብ ምሕያል ኩሉ መዳያዊ ዓቕሚ ህጻናትን መንእሰያትን ልዑል እጃም ክጻወት ትጽቢት ዝግበረሉ ሓደ ካብ ዓበይቲ ናይ ምዕባለ መደባት ፊፋ ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓቢሩ።

## ሻምፕዮን ክለባት ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ይቕጽል





ብ29 ጥሪ ዝፈለመ ሃገራዊ ውድድር ክለባት ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ 2026 ይቕጽል ኣሎ።

ብረቡዕ 4 ለካቲት ዝተኻየደ ግጥም፡ ንክለባት ደንደንን ሰገንን ዘራኸበ ነይሩ። ብዑብለ. ወጽኢት ክለብ ደንደን 4-0 ተዓዊታ። ኣድያም ኣቶብርሃን ክልተ፡ ክብረት ወልደኣብን ኢልሃም መሓመድን ደማ ሓሓደ ሽቶ ኣመዝጊበን። ንሽልማት ኮኾብ ተጻዋቲት ናይዚ ግጥም ድማ ኣድያም ኣቶብርሃን ተዓዊታትሉ።

ትማሊ ሓሙስ 5 ለካቲት ኣብ ዝቐጸለ ክልተ ግጥማት፡ ፈለማ ናብ ሜዳ ዝወረዳ ገጀረትን ጎዳይፍን ኮይነን ሽጓን መብራህቱ ኣብ መበል 49 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሽቶ ገጀረት 1-0 ተዓዊታ። ዩልያ ዓይናም ካብ ገጀረት ድማ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተሰምያ።

ድሕረኡ ናብ ሜዳ ዝወረዳ ሰምሃልን ዞባ ደቡብ ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም፡ ክለብ ሰምሃል እሙሓኬር ዓብደላ ብዘመዝገበቶን ሰለስተ ሽቶታት 3-0 ተዓዊታ። "ሃትሪክ" ዝሰርሐት እሙሓኬር ዓብደላ ድማ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ ግጥም ተሰምያ። ኣብዚ ናይ መፈጸምታ መድረኹ ዝሰጋገር ዘሎ ሃገራዊ ውድድር፡ ሎሚ ዓርቢ ካብ ሰዓት 3:00 ድ.ቀ. ብዝግበር ክለባት ኢንሹራንስን ሰገንን ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

## ጽንጽንታ ምስግጋር ተጻወትቲ

• ትማሊ ሓሙስ መበል 41 ዓመት ልደቱ ዝመልአ ፖርቱጋላዊ ኮኾብ ተጻዋታይ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ዋላኳ ልምምድ እናኣቋረጸ እንተሎ ዝርኢ ሰእሊ እንተስጠፈ፡ ንኻልኣይ ግጥም ካብ ኣል-ነስር ክኣገድ'ዩ፤ ኣብ ወርሒ ሰነ ድማ ካብታ ስዑዳዊት ፕሮ ሊግ ክለብ ንኽወጽእ ክሳተት ተኸእሎ ከምዘሎ ይንገር። ሮናልዶ ካብ ኣል-ነስር ምስ ዝወጽእ፡ እቲ ዝዓበየ ተኽእሎኡ ናብታ ፈላመይቲ ክለቡ ስፖርቲን ሊዝበን ምምላሱ'ዩ።



• ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ ኖቲንግሃም ፎረስት እንግሊዛዊ ኤልዮት ኣንደርሰን፡ ኣብ ዝርዝር ዒላማታት ማእከል ሜዳ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ቀዳማይ ዝስርዕ ኮይኑ፡ ወዲ 21 ዓመት ኣዳም ዋርተን ካብ ክሪስታል ፓላስን ወዲ 22 ዓመት ካሜሩናዊ ተጻዋታይ ብራይተን ካርሎስ ባሌባን እውን ይርከብዎም።

• ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንወዲ 27 ዓመት ተኸላኻላይ ቶተንሃም ክርስትያን ሮሜሮ ንምስግጋር ድልውቲ ኮይና'ላ። እዚ ኣርጀንቲናዊ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ገጹ ኣብ ዝርግሐ ጽሑፍ ነታ ክለብ ዝቅትፍ ብምዃኑ እዩ እዛ ክለብ ዚ ውሳነ ክትወስድ ክኢላ።

• ወዲ 28 ዓመት ኣኸፋሊ ፖርቱጋል ሩበን ኔቨስ ኣብ ወርሒ ጥሪ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ክጸንበር ምዃኑ ክግለጽ ምጽንሑ ይፍለጥ፤ ይኹን'ምበር ምስ ስዑዳዊት ፕሮ ሊግ ክለብ ኣል-ሂላል ክሳብ ሰነ 2029 ውዕሉ ኣናዊሑ ኣሎ።

• ቸልሲ፡ ማንቸስተር ሲቲን ሊቨርፑልን ንሓላዊ ልዳት ሳንደርላንድ ሆላንዳዊ ሮቢን ሮፍስ ንምፍራም ጠለባት የቕርባ ኣለዋ። እታ ክለብ ካብ ሺያጥ ናይዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ ልዕሊ 50 ሚልዮን ፓውንድ ከተኻዕብት ትጽቢት ይግበር።

• ክለብ ኢልኢ.ጋላክሰ፡ ኣብዚ ክራማት ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንዝወጽእ ወዲ 33 ዓመት ኣኸፋሊ ብራዚል ካሴሚሮ ንምፍራም መንገድታት ተናዲ ኣሎ።

• ወዲ 27 ዓመት ተኸላኻላይ ፈረንሳ ዳዮት ኡፓሜካኖ፡ ምስ ባየር ሙኒክ ሓድሽ ውዕል ንምፍራም ተዳልዩ ይርከብ፡ ንሱ ክሳብ ሰነ 2030 ኣብ ቡንደስሊጋ ክጸንሕ'ዩ።

• ምልቓስ ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኮሎምብያዊ ጆን ኣርያስ ንምዕዳግ ካብ ፓልሜራስ ዝቐረበ 21.6 ሚልዮን ፓውንድ ተቐቢሎቶ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ፡ ምስዛ ብራዚላዊት ክለብ ብዘሎ ውልቃዊ ውዕላት ኣብ ምዝርራብ ይርከብ።

• ዌስትሃም ኣብ መስርሕ ምስግጋር ወርሒ ጥሪ፡ ንወዲ 26 ዓመት ኣጥቃዓይ ክሪስታል ፓላስ ኤዲ ንከቲያ፡ ብ27 ሚልዮን ፓውንድ ንምዕዳግ ተሰማሚዓ ነይራ፡ ይኹን'ምበር፡ እቲ ተጻዋታይ ማሕረምቲ ስለ ዘጋጠሞ እቲ መስርሕ ተቛሪጹ ይርከብ።

## ሓመልማሎ - ሻምፕዮን ውድድር ኲዕሶ መርበብ ፈሊሙ



ፌደረሽን ኲዕሶ መርበብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣብዚ ዓመት ውድድር ሻምፕዮን ንምጅማር፡ ብ4 ለካቲት ኣመሓደርትን ኣካላት መንግስትን መሻርኽትን ወለድን ስፖርታውያን ደገፍትን ኣብ ዝተረኸብሉ ብወግዒ ፈሊሙ።

ሽዱሽተ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮን ሓሙሽተ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮን ዝሳተፋዎ እዚ ውድድር፡ ክሳብ ወርሒ ኣርባዕተ ክቕጽል ምዃኑ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ፈለማ ዝገጠማ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ካብ ክ/ሰራዊት 34፡ ቀዳማይ ብርጌድ ምስ ሓመልማሎ ኮይነን፡ ተመጣጢኒ ብቕዓት እኳ እንተርኣያ፡ ሓመልማሎ ግን 3-0 ተዓዊታ።

ስዒበን ዝቐረባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ሓመልማሎ ምስ ሊበና ነይረን፡ ሊበና ኣብ ሜዳ ብዘይ ምቕራብ ብ'ፎርፋይት' ተረቲዓ።

ሓላፊ ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣቶ ፍረዝጊ ሓምድ ዘስመዖ ቃል፡ ናይዚ ዓመት ሓያሎት ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ንምኽያድ ብኲዕሶ መርበብ ተበጊሱ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ተጻወትቲ ክንዮ ንኡስ ዞባ ብደረጃ ዞባን ሃገርን ንዝካየድ ውድድራት ዝዓለመ ራኢ ክህልዎም ኣዘኻኺሩ።

ኣቦ መንበር ኲዕሶ መርበብ ዞባ ዓንሰባ መም/ ዑቕባይ ሃይለ ብወገኑ፡ ስፖርት ንመንእሰያት ካብ ውጉዝ ልምድታትን ወልፍታትን ዝኣልን ብምንቅስቓስ ዝተሃጽ ኣካል ንምውናን ዘኽእልን ብምዃኑ፡ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ነዚ ተረዲአን ውድድራት ብምስራዕ ንሻምፕዮን ዞባ ዓንሰባ ምድላዋተን ክጸፍፋ ከምዝዘኻኸረን ተሳቲፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ'ቲ ዞባ በርኺ ከም ዝርከብ ከምዝሓበረን ጸብጻብ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ዞባ ዓንሰባ ይጠቅስ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሊግ ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ደቂ-ኣንስትዮ

ኢንሹራንስ - ሰገን 3:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ሊድስ ዩናይትድ - ኖቲንግሃም ፎረስት

11:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጻጋይ

## መራሕቲ ኣመሪካን ቻይናን ናይ ቴለፎን ዝርርብ ኣካይዶም

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ንግዲ፡ ጸዓት፡ ደሴት ታይዋን፡ ኢራን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩናት ዩክሬን-ሩሲያ ዘተኮረ ዕዉት ዝበሎ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ምስ ቻይናዊ መዘናኡ ሺ ጂንፒንግ ከም ዘካየደ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘዘርግሖ ጽሑፍ፡ ምስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ዘለዎ ርክብ፡ ከምኡ'ውን ምስ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ዘለዎ ውልቃዊ ዝምድና ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ኣረዲኡ።

ዝመጽእ ሚያዝያ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ ቻይና ምብጻሕ ከካይድ ትጽቢት ከም ዘሎ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ብመሰረት መንግስቲ ቻይና ዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ሺ፡ ኣመሪካ ንግዝኣት ቻይና ዝኾነት ደሴት ታይዋን እተካይዶ መሸጣ ኣጽዋር፡ ብልዑል ጥንቃቐ ክትሕዞ ኣተሓሳሲቡ።

ዝሓለፈ ታሕሳስ፡ ኣመሪካ ናይ 11 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ኣጽዋር፡ ንደሴት ታይዋን ክትሸጠላ ከም ዝወሰነት ጸብጻባት የመልክቱ።

ድሕሪ እቲ ናይ ቴለፎን ዝርርብ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኑቲ ካብ ሃገሩ ክትዕድጎ ዝጸንሐት ኣድገራ ካብ 12 ሚልዮን ቶን ናብ 20 ሚልዮን ቶን ክብ ክተብሎ ከም እተሰማምዐት ገሊጹ።



## ኔቶ ኣብ ኣርክቲክ ወተሃደራዊ ህላወኡ የደልድል

ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ኣብ ከባቢ ግሪንላንድ ኣብ ዝርከብ ዞባ ኣርክቲክ፡ ወተሃደራዊ ህላወኡ ንምዕባይ መደብ ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ።

ኣፈኛ ላዕለዋይ ኣዝዚ ኔቶ ኣብ ኤውሮጳ ማርቲን ኦዶኔል ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ወተሃደራዊ መደብ ንህላወ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኣብ ኣርክቲክን ርሑቕ ሰሜንን ዘደልድል ምዃኑ ኣረዲኡ።

እቲ ወተሃደራዊ ህላወ ናይ ምዕባይ መደብ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ደሴት ግሪንላንድ ካብ ፈደረሽን ሩስያን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ንምድሓን ኣካል ልኡላውነቱ ንምግባር ኣብ ዝጽዕረሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሞስኮን ቤጂንግን ኑቲ ንደሴት ግሪንላንድ ክትብጦ መደብ ኣለወን ዝብል ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝቐረበለን ክሲታት ብምንጻግ፡ ኣመሪካ ወተሃደራዊ ህላወኣ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ንምድልዳል፡ ኑቲ ክሲ ከም መመኸንይታ ትጥቀመሉ ከም ዘላ እየን ዝሕብራ።

ሞስኮ ወሲኻ፡ ንደሴት ግሪንላንድ ንምሓዝ ዝኾነ ድሌት ከም ዘይብላ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ሰፊሕ ዞባ ኣርክቲክ ዝለዋ ሃገራዊ ረብሓታት ንምውሓስ ድሕር ከም ዘይትብል ግና ኣተሓሳሲባ ኣላ።

ሰብ ስልጣን ሕብረት ኤውሮጳ እውን ኑቲ ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝቐረበ ክሲታት ከም ዝጸግዎ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኮሚሽነር መከላኸሊ ሕብረት ኤውሮጳ ኣንድሪየስ ኩቢሊየስ፡ ካልኦት ሃገራት ንደሴት ግሪንላንድ ዒላማ ይገብራ ከም ዘለዋ ዘረጋግጽ መርትዖ ከም ዘይተረኽበ ኣፊሩ።



## ህንድን ኣመሪካን ንግዳዊ ስምምዕ ክኽትማ እየን

ህንድን ኣመሪካን ዝመጽእ መጋቢት፡ ወግዓዊ ንግዳዊ ስምምዕ ክኽትማ ትጽቢት ከም ዘሎ፡ ሚኒስተር ንግዲ ህንዲ ፒዩሽ ጎያል ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ምስ ህንዲ ሃንደበታዊ ንግዳዊ ስምምዕ ከም ዘካየደት ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ምፍላጡ ዝዝከር እዩ።

ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ህንዲ ካብ ፈደረሽን ሩስያ እትሸምቶ ነዳዲ ደው ከተብል፡ ኣማኢያኡ ከኣ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ህንዲ ዘጽደቐቶ ልዑል ማጠን ቀረጽ ከተጉድል እያ።

ሚኒስተር ጎያል ኣስዒቡ፡ ህንዲ ኣብ ዝቕጽሉ ሓሙሽተ ዓመታት ብውሑዱ ናይ 500 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ጸዓት፡ ነፈርትን ኤለክትሮኒካዊ ንብረትን ካልእ ንግዳዊ ፍርያትን ካብ ኣመሪካ ከተእቱ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ገሊጹ።



## ኑክሌሳዊ ውዕል ኣመሪካን ሩስያን ኣብቂዑ

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ፈደረሽን ሩስያን ዝተኸየደ ናይ መወዳእታ ውዕል ምቍጽጻር ኑክሌሳዊ ኣጽዋር፡ ትማሊ ሓሙስ ከም ዝበቕዐ ተሓቢሩ።

እቲ ብ "ኒው ስታርት" ዝፍለጥ፡ ኣብ 2010 ዝተሓደሰ ስትራተጂያዊ ውዕል ምጉዳል ኣጽዋር፡ ሓደ ካብቶም ኣዕናዊ ንዅክለሳዊ ኩናት ንኸይቕየድ ዝኸልክሉ ብኣጸቢቕ ዝቐጸሩ ስምምዓት ምዃኑም ይግለጽ።

ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ምብቃዕ ናይቲ ውዕል፡ ንኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ኣብ ሓደጋ ከእቱ ከም ዝኽእል ድሕሪ ምግላጹ፡ ፈደረሽን ሩስያን ኣመሪካን ከይተደናጐያ ኑቲ ስምምዕ ዝትካእ ማዕቀፍ ንምቛም ክዘራረባ ጸዊዑ።

እቲ ተበጺሑ ዝጸንሐ ውዕል፡ ኣብ መንጎ ዋሽንግተንን ሞስኮን ዝተኸየደ ዝሐል ኩናት ንኸዕዝም ዝሓገዘ ኮይኑ፡ ነፍሲ ወከፈን ካብ 1,550 ዘይበዝሕ ንዅክለሳዊ ርእሲ ኩናት ክህልወን ዘገድድን ኣብ ሞንጎአን ከኣ ግሊጽነት ክህሉ ዝጠልብን ስምምዕ ምንባሩ ምንጭታት ይሕብሩ።

እቲ ናይ ፈለማ ውዕል፡ ኣብ 1991 ብኣመሪካን ሕብረት ሶቭየትን ተኸቲሙ።

ኣብ 2010 ከኣ፡ ፈደረሽን ሩስያን ኣመሪካን ኑቲ ውዕል ዳግማይ ኣብ ፓራጓይ ብምርኻብ ከም ዘሐደስኦ ይሕበር።

ዋሺንግተን፡ ኣብ መጻኢ ዝካየድ ውዕል ምቍጽጻር ንዅክለሳዊ ኣጽዋር፡ ኑታ ንዅክለሳዊ ዓቕማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እተዕቢ ዘላ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ዘጠቓልል ክኸውን ከተተሓሳስብ እንከላ፡ ሞስኮ'ውን ብወገና ኣብቲ ብሕጂ ዝካየድ ስምምዕ ፈረንሳን ብሪጣንያን ክህልዋ ዝሓሸ ምዃኑ ገሊጻ ኣላ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣመሪካ፡ ሩስያን ቻይናን፡ ብዝለዎ ኣዝዩ ልዑል ፍጥነት ክኸይዱ ኣሽጋሪ ዝኾነ፡ ኣብ ሰዓት ልዕሊ 6,437 ኪሎ ሜትር ዝጎዓዝ ናይ ነዊሕ ርሕቐት ሚሳይላት ኣብ ምምዕባል ከም ዝርከባ እየን ምንጭታት ዝሕብራ።



## ሩስያን ዩክሬንን ሃናጺ ዝርርብ ኣካይደን ተባሂሉ

ፈደረሽን ሩስያን ዩክሬንን ኑቲ ድሮ ኣርባዕተ ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ኩናት ብሰላማዊ መንገዲ ደው ንምባል፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ኣቡዳቢ - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ወጽኢታውን እወታውን ዝበሎኦ ዝርርብ ከም ዘካየዳ ተሓቢሩ።

እቲ ዝርርብ ትማሊ ሓሙስ እውን ቀጺሉ ውዒሉ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ዩክሬን ሩስተም ኡመሮቭ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ልኡኻት ክልተአን ሃገራት ዝተኻየደ ዝርርብ፡ ኣብ ግብራዊ ፍታሕ ዘተኮረ ሃናጺ ዝተ ምንባሩ ገሊጹ።

ልኡኽ ሩሲያ ኪሪል ዲሚትሪየቭ ብወገኑ፡ ኑቲ ውግእ ክቕጽል ዝደሊያኦ ሃገራት ኤውሮጳ ብፍላይ ከኣ ብሪጣንያ ኑቲ ዘተ ሰላም ንምብታን እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት፡ ሃገሩን ዩክሬንን ኣብ ቅኑዕ መንገዲ ከም ዝርከባ ዘመልክት ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሰብ ስልጣን ዩክሬን፡ እቲ ሓዲሽ እብረ ዝርርብ ሰላም ላዕለዎት ወተሃደራውያን ኣባላት ሩሲያ ብምስታፎም፡ ካብቶም ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ ዘተታት ፍልይ ዝበለ ምንባሩ ገሊጾም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ተሰፋ | 06/02/2026 | ጎደና ዓሎቴና መረብ 716 ቁ.14 ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services